# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.102 ቀዳም 28 ነሓሰ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ውክልናንመን'ዩ ዝፍቀደ?



ገጽ 4
ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ



ገጽ 5
መብጽዓታት ሓድሽ ዓመት




ገጽ 11
ማጓየር፡ ዓለሚኦም ከቢድ ግዜ የሕልፍ ምህለዉ ገሊጹ




## ሃማመተኤ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ተራ መሻርኽቲ ንምዕዛዝ ዘትዩ

ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብ23ን 24ን ነሓሰ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ተራ ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣብ ምዕዋት መደባቱ ንምዕዛዝ ኣብ ዝሕግዝ መዳያት ዘትዩ።

ሓላፊ ፖሊቲካን ውዳበን መንእሰይ ሰሌማን የሱፍ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ውዳበታት ማሕበር ንምስፋሕ፣ ተጉዳኣት ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ስልጠናታት ንምቅላዖም ካልእን ካብ ዝተወጠነ መደባት፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊ ከምዝተተግበረ ኣረዲኡ።

ሓለፍቲ ማሕበር ኣብ ንኡሳን ዞባታትን ኣሃዱታትን እውን በበወገኖም ናይ ዘሰላስልዎ ኩሉ መዳያዊ መደባት ጸብጻባት፡ ምስናይ ብድሆታቱን ሕጽረታቱን ከቕርቡ ከለው፡ ተሳተፍቲ ብርእይቶታትን ሓሳባትን ኣህቢቲሞሞ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተራ መሻርኽቲ ኣብ ዝወጠን መደባት ዝዓዪ ንምዕባይ ምትሪሕ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝወሃብ ስልጠናታት ብዓይነትን ጽልዋኡ ኣብ ሕብረተሰብን ክዕቀንን ክየማሞን ከምዝተጸቕአ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ሃማመተኤ ውዳበታቱ ንምስፋሕ ክሳብ ምምሕዳራት ከብቢን ዓድታትን ዝካየዶ ዘሎ ንጥፈታት ድሕሪ ምምጓስ፡ ዘሰላስል መደባት መንጠሪ ባይታ ንድሕሪ ዝወጠነ መደባት ምእንቲ ክኸውን ብደቂቕ ክየማም ድሕሪ ምልባው፡ ዞባ ምስ ኩሎም መሓውራቱ እጃሙ ከበርክት ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።



## ባረንቱ፡ ብሞያ ስፌት ክዳን ዝሰልጠና ደቂ-ኣንስትዮ ተመረቓ

ኣብ ባረንቱ ንሰለስተ ወርሒ ብሞያ ስፌት ክዳን ዝሰልጠና 70 ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብ24 ነሓሰ ተመረቓ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣኪያዲ ስራሕ 'ትካል ወተሃደራዊ ስፌት ክዳን' ኮሎኔል ስራጅ መሓመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብደረጃ ሃገር ፈላሚ ዝኾነ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበረ-ቁጠባዊ መነባብሮ ስድራቤታት ንምምሕያሽን ኣፍራይነት ንምዕባይን ዝተገብረ መደባት ኮይኑ፡ ስልጠንቲ ብምምሕዳር ንኡስ ዞባ ባረንቱ ዝተሰልየ ምዃኖን ገሊጹ።

ኣበ'ቲ ትካል ሓላፊ ቴክኒክ ሜጀር የውሃንስ ክብሮም ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ወርሓዊ ክፍሊት እናተዋህበን ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮአን ዝሕግዘን ግብራዊ ትምህርቲ ከምዝቐሰማ ሓቢሩ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብወገኦ፡ ዝቐሰምኦ ስልጠና ኣብ ረብሓአንን ረብሓ ሕብረተሰበንን ከውዕልኦ ምዃነን ኣረጋጊጸ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ድማ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ዕድላት ስራሕ ብምፍጣር ቁጠባዊ ሽግር ስድራቤታት ንምቅላል ዝተተለመ መደባት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ብተመሳሳሊ ዜና፡ ብኻልእ ወገን፡ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ምስ መደበር ጥዕና ኩዶ-ፈላሲ ብምትሕብባር ንሰለስተ ኣዋርሕ ብቐዳማይ ረድኤት ዝሰልጠና 60 ደቀኣንስትዮ፡ ብ25 ነሓሰ ተመረቓ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ መደበር ጥዕና ኩዶ-ፈላሲ ነርስ ኣማኑኤል ተስፋገርግሽ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ካብ ዓድታት ኩዶ-ፈላሲ፡ ደርዓንቶ፡ ዓዲ-ዓዳን እምባዞርብን ከምዝኾና ኣፍሊጡ። እቲ ብዮዙበርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ቀዳማይ ረድኤት፡ ሳዕቤናት ጉዳእቲ ልምድታት፡ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ከምኡ'ውን ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመ ዘተኮረ ከምዝነበረ፡ ነርስ ኣማኑኤል ገሊጹ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ መንእሰይ ሳልሕ መሓመድ-ሰዒድ ብወገኑ፡ ኣቦላት መደበር ጥዕና ኩዶ-ፈላሲ ኑቲ መደብ ንምዕዋት ዝርአዮዎ ተወፋይነት፣ ከምኡ'ውን ንተጉዳኣት ሰልጠንቲ መጉሱ።

ብዘይካዚ፡ ጨንፈር ሕርሻ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ኣብ ሜላታት ምርባሕ፡ ምሕደራን ክንክንን ደርሁ ዘተኮረ ስልጠና፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ሞግን ኣበሎን ንዝተዋጽኡ 65 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 80 ሓረስቶት ከምዝሃበ ሓላፊ ሕርሻ ኣበ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓመድ-ሳልሕ መሓመድ-ዓሊ ሓቢሩ።

እቲ ብኽኢላታት ሃብቲ እንስሳ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣገዳስነት ጽሬት ከባብን ምቅጻጻር ሕማማትን እውን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ምምሪቕ ኣቶ መሓመድ-ሳልሕ መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ መነባብሮ ሓረስቶት ንምምሕያሽ በቢጸዋቱ ዝወሃብ ስልጠናታት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መጠን ኣመጋግባን ኣደን ህጻንን ዘተኮረ ናይ ክልተ-ቅነ ስልጠና፡ ን339 መማህራን ቅድመ-ትምህርቲ፡ መንእሰያት ኣደታት ከተማ ባጽዕን ሓያስቲ ምዱባት ኣባላት ሕርሻን ኣብ ባጽዕ ሂቡ።

እቲ ካብ 11 ክሳብ 24 ነሓሰ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ዝብል ዕላማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንምስጓም ዝካየድ ጻዕሪ ምዃኑ ዝሓበረ ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ወሀድ ሕርሻዊ ልምዓት ኣበ'ቲ ዞባ ኢንጂነር ሰለሙን ወልደሚካኤል፡ ብቐረባ ብዘርከብ ትሕዝቶ መኣዛዊ መግቢ ንምድላውን ንምምጋብን ዝሕግዝ ከምዝኸፈተ ገሊጹ።

ኣበ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ምቕርዳሽ ኩነ ኳልኣት ኣብ ከበና እንረኽቦ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ዓይነታት ምግቢ፡ ኣሕምልቲ፡ ኣእካልን ጥረታትን ኣካል ዕለታዊ መኣዲ ኣደን ህጻንን ክኾኑ ከምዝየገድ ተገሊጹ።



## ኣብ ናቕፋን ሸዕብን፡ ኣብ ሕጊ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ንቕሓትን ኣፍልጦን ተመሃሮ ኣብ ሕግን ስርዓትን ንምብራኽ ዝዓለመ ኣስተምህሮታት፡ ንተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰዙቢኑት ዊናን ካልኣይ ደረጃ ጻብራን ሂቡ።


ኣዛዚ ናይ'ቲ መደበር ሰርጌንተ ሰመረ ተወልደብርሃን፡ ተመሃሮ ኣ-ኪ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ክብ ብምባል ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ክዕዘዙ ተላቢዩ።

ተርእዮ ገበናት ብኢጋ ብምግታእ ሰላምን ርግኣትን ከባቢ ንምውሓስ፡ ምብራኽ ኩሉ-መዳያዊ ንቕሓት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ዝሓበረ ሓላፊ መርመራ ገበን ኣቶ በረኸት መብራህቱ ብወገኑ፡ ኣብ ከበና ዘለኩፍ ጸጥታዊ ኩነታትኳ እንተዘየለ፡ ንቑሕ ምትሕብባር ዜጋታት ብሓፈሻ ናይ ተመሃሮ ድማ ብቐንዱ ክብ ክብል ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ኮብራል ኣይንኣለም ወልደገርግሽን ሓላፊ መርመራ ገበን ኣቶ ኣማኑኤል ልኡልን ካብ 9 ክሳብ 19 ነሓሰ ን2,117 ተመሃሮ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮታት ሂቦም።

## ተጋዳላይ ጸጋዝኣብ ተኽለማርያም ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ ጸጋዝኣብ ተኽለማርያም እኸት፡ ብ25 ነሓሰ ኣብ መበል 80 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ጸጋዝኣብ፡ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲቡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ ጸጋዝኣብ ተኽለማርያም፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ ብ26 ነሓሰ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ዋራ ተፈጺሙ።

ዜና

# ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ ውጥን መደባት 2025 ዘትዩ

ምግራብን ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ኣብ ምስሳን ስነህይወታዊ ብዙሕነት ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ ብዝተወደበ መልክዕ ክቕጽል፡ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ብ24 ታሕሳስ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ተሓቢሩ።



ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ማሳርሕ ምድላው ፈልሲ፡ ክምኡ'ውን ዝተተኽለን ዝጸደቐን ዝበረሰ ኣግራብን ጠንቁን፡ ፍትው መጓሰን ስጐኣሎማዊ መሳብርን፡ ዘቤታዊ ሃልኪ ጸዓት፡ ክምኡ'ውን ሓሓሊፉ ዝኽሰት ባርዕ መሮር ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ቀሪቡ።

ንመደባት ምዕቃብ ሓመድን ምግራብን ብዝምልከት፡ ኣብ 2024 ካብ ጠቕላላ 38 መደብራት ፈልሲ እተን 32 ኣብ ንጡፍ ስራሕ ከምዝነበራን ካብ ዘፍረያኦ 7.8 ሚልዮን ፈልስታት ኣግራብ 6.2 ሚልዮን ገረብ ከምእተተኽለን፡ 8 ሽሕ ሄክታር ሓደሽ ቅናታዊ ዛላ ከምእተሰርሐን ኣስታት 1,700 ሄክታር ከምእተጸገነን፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 262 ሽሕ ሜትሮ ኩዖ ኩትሪ ከምእተሰርሐን ልዕሊ 15 ሽሕ ሜትሮ ኩዖ ከምእተጸገነን በሪሁ።

ዝተተኽለ ፈልስታት ብመንጽር ዝተዓለወ ክርኣ ከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል 66.2 ሚእታዊት፡ ኣብ ዞባ ደቡብ 92.1 ሚእታዊት፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ 90.1 ሚእታዊት፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ 84.6 ሚእታዊት ከምዝፀደቐ'ውን ተገሊጹ።

ንኩነታት እንስሳ ዘገዳም ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሸነኺ ዋሕዲ ማይ፡ ምሓር ዋዒን ሃድንን ከበድ ሃሲያ ይወርድ ከምዘሎን 262 እንስሳታት ዘገዳም ሞይተን ከምእተረኽባን ክሕብር ከሎ፡ ኣድጊ፡ብርኹ፡ ኣራብ፡ ጤሉ፡ብዑ፡ ዒጋዜን፡ ሰገኑ፡ መፍለስ፡ ዒው፡ ቅንፍዝ፡ ሰሳሕን ሓርማዝን ግቡእ ዕቃብ ንኽግበረሎም ይሰራሕ ከምዘሎ ተሓቢሩ።




ዋና ኣካያዲ ስራሕ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዘጋጥም ዘሎ ብርሰት ዘተሓሳስብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንምግትኡ ዝወጠን መደባት ንምዕዋት፡ ተራ መሻርኽቲ ክብ ክብል ኣዘኻኺሩ።

ኮሎኔል ክንፈ ኣስዒቡ፡ 2024 - ሰራዊት ኣብ ምክልኻል ብርሰት ኣግራብ፡ ሓለዋ ሕሩም ሃገራዊ ሕዛእቲ፡ ምድንፋዕ መደበራት ፈልሲ፡ ብዓብኡ ድማ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምትካል ፈልስታትን ዓቢ ተሳትፎ ዝነበሮ ዓመት ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 ብዝለዓለ ከምዝቕጽል ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ውጥን መደባት 2025 ዘትዮም።

# ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ክካየድ ዝጸንሐ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕ፡ ኣሃብርትን ኣኩብቲ ግብርን ተዛዚሙ።



እዞም ተመሪጾም ዘለዉ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕ፡ ኣሃብርትን ኣኩብቲ ግብርን፡ ዕድመ ስልጣኖም ን3 ዓመታት እዩ።

ኣብዚ ካብ 18 ክሳብ 24 ታሕሳስ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢን 109 ዓድታትን ዝተኻየደ ምርጫ፡ ሓንቲ ጉል-ኣንስተይቲ እትርከቦም 5 ሓደስቲ ኣመሓደርትን 7 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 9 ኣካየድቲ ስራሕን ክምረጹ ከለዉ፡ ዝተረፉ ዳግማይ ዝተመርጹ ምዃኖም ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ህዝቢ የገልግሉኒ እዮም ዝበሎም ክመርጽ ቅድሚ ወርሒ ዝተኻየደ ኣስፍሕ ኣብ ኣሳልጦን ጽሬትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣብዚ ምርጫ ዝተዓወቱ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ብወገኖም፡ ህዝቢ ብዝሃቦም እምነትን ሓላፍነትን ብዘይተገዳስነት ከገልግሉ ቃል ኣትዮም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ን21 ምምሕዳራት ከባቢን 109 ዓድታትን ዘገልግሉ ኣሃብርትን ኣኩብቲ ግብርን እውን ተመሪጾም ኣለዉ።



# ደ/ቀ/ባሕሪ - ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብዚ ዓመትዚ ዝሰላሰሎም መደባት ብመንጽር ዝነበረ ውጥን ስራሕ ዝዮምሞም ርክብ፡ ብ26 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካዪዱ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብቲ ዞባ ኣቶ ረዘነ ሚካኤል ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ውዳበታት ህግደፍ ኣብ ሲቪል ሰራሕተኛታትን ህዝብን ንምስፋሕን ንምሕያልን ወጽኢታዊ ስራሕ ከምእተዓመ፡ ትምህርታዊ መደባት ንጉድለታት ሲቪል ሰራሕተኛታት ድማ ብስሩዕ ከምእተዋህበ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተራ ኣባላት ግንባር ኣብ ምዕዋት መደባት ልምዓት ንምዕዛዝን ኣፍልጦኦም ኣብ ህሉው ኩነታት ንምብራኽን ዝሕግዙ ሰሚናራት ከምእተኻየደ ገሊጹ።

ኣቶ ረዘነ ኣብ መወዳእታ፡ ምሕያል ውዳበን ምብራኽ ንቕሓትን ብቐጻሊ ክስራሓሉ ስለዘሎ፡ ኣብ ህዝብን ሲቪል ሰራሕተኛታትን ዘተኩረ ስራሕ ክድንፋዕ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካብ 15 ክሳብ 24 ታሕሳስ ስልጠና ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዝቐሰሙ 30 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 67 ሲቪል ሰራሕተኛታት ተመሪቖም።

# ዲባርዕድ - ተሳታፍነት ተመሃሮ ዕብየት የርኢ

ኣብ ሓደሽ ዓዲ - ንኡስ ዞባ ዲባርዕድ እትርከብ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሕድሪ ብሸነኺ ራሕቂ ዝርአ ዝነበረ ምቁራጽ ተመሃሮ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ብምፍዋሱ፡ ኣብ ተሳታፍነትን ቀጻልነትን ተመሃሮ ዓቢ ወጽኢት ከምዝምጽኦት ተሓቢሩ።

ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ወልደሰላሰ ገብረየሱስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ካብ ደቂ ዓንዱ፡ ደምበ ሃብተጼን፡ ዋሰይምን፡ ገሸን ሓደሽ-ዓዲን ንዝመጽኡ ተመሃሮ ከምእተኣንግድ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ካብ ሰድርኦም ከይረሓቑ ትምህርቶም ንኽቕጽሉ ርሒብ ዕድል ከፊታ ከምዘላ ገሊጹ።

ኣብዚ እዋንዚ 420 ናይ ማእከላይ፡ 244 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ ብጠቕላላ 664 ተመሃሮ ከምዘለውዋ ጠቒሱ ድማ፡ ተመሃሮ ብኩነታት ሕርሻን መጓሰን ዝጋጥሞም ምስንኻላት ንምፍዋስ፡ ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ከምዝወሃበሎም ብምጥቃስ፡ ንምትሕብባር ህዝብን ኣመሓደርቲ ከባቢን መጕሱ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ምርኣይ ተግባርን ክመሃሩ ምእንቲ፡ ኣገዳሲት ትምህርቲ ኣደዮ ቪዥዋልን እዋኑ ዝጠልቦ ኮይኑ ከምዘሎ ዝገለጸ መምህር ወልደሰላሰ፡ ጸሓያዊ ጸዓት ብምትካል ኣቲ ንጥፈት ክወን ንምግባር ይስራሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሎሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ዶክመንት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዓት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ውክልና ንመን'ዩ ዝፍቀዶ?



ኣማኻሪ፤ ሄለው! ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ።

ደዋሊ፤ ከመይ ውዒልካ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ! መን ክብል ካበይ?

ደዋሊ፤ ኣነ ሃብቶም እብሃል። ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ዘሚኪኤል እንታይ ክእዘዝ?

ደዋሊ፤ ኣነስ ሓንቲ ጉዳይ ቤት ፍርዲ ኣላትኒ'ሞ ብኣካል ቀሪበ ባዕለይ ክከራኸር ስለ ዘይክእል ብወኪል ክከራኸረሉ ዝኽእል ኵነታት እንተ ሃልዩ ከተማኽረኒ ኢለ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ዘሚኪኤል ዝኾነ ናይ ሕጊ ጉዳይ ክህልወካ እንከሎ ንኽኢላታት ምውካስ ወይ ምምኻር ብኸሉ ሕብረተሰብና ክልመድ ዘለዎ ጽቡቕ ባህሪ ስለ ዝኾነ ብምድዋልካ ከድንቐካ እፈቱ። ናብ ሕቶኻ ክንምለስ፡ እንታይ ኢኻ ክትፈልጥ ደሊኻ ዘለኻ?

ደዋሊ፤ ኣነ ክፈልጦ ደልየ ዘለኹ ንውክልና ዝምልከት'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ቀሪቡልካ ዘሎ ክሲ ብውክልና ዲኻ ክትከራኸር ደሊኻ?

ደዋሊ፤ እወ።

ኣማኻሪ፤ ንምንታይ ድኣ ብወኪል ክትከራኸር ደሊኻ?

ደዋሊ፤ ኣነ ነጋዳይ'የ። ብስራሕ ድማ ካብ ሃገር ወጻኢ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሓሉ እዋን ኣሎ። በዚ ምኽንያት ኣነ ቤት ፍርዲ እናተመላለስኩ ጉዳየይ ክከታተል ኣይክእልን'የ። እንተ ዘይተኸራኺረ ሳዕቤን እህልዎ ይኸውን።

ኣማኻሪ፤ ብርግጽ። ኣብ ሲቪላዊ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ቀሪቡ እንተ ዘይተኸራኺሩ፡ ነቲ ዝቐረበ ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዘየለወሉ ሰሚዕካ ጥራሕ ንተኸሳሲ ዝሃሲ ውሳኔ ክወሃብ ይክኣል'ዩ።

ደዋሊ፤ እዚ ስለ ዝሰማዕኩ'የ ድማ ብወኪል ክከራኸር ዝክኣል ድዩ ብማለት ክሓትት ዝተገደድኩ።

ኣማኻሪ፤ ዘሚኪኤል ክትፈልጦ ደሊኻ ዘለኻ ጉዳይካ ብወኪል ክትከታተል ዝክኣልን ዘይክኣልን ምዃኑ ድዩ ወይስ ካልእ?

ደዋሊ፤ ብሓፈሻ ንውክልና ዝምልከት ክፈልጥ ዝደሊ ዋላ'ኳ እንተ ኾንኩ፡ እቲ ቀዳማይ ሕቶ ግና ንሱ እዩ።

ኣማኻሪ፤ ቅድሚ ብዛዕባ ተኽእሎ ምዝራብና ውክልና እንታይ ማለት ኮይኑ ይስምዓካ ሃብቶም?

ደዋሊ፤ ውክልና ድኣ ሓደ ሰብ ኣብ ክንዲ ካልእ ሰብ ኮይኑ ዝኾነ ተግባር ክፍጽም እንከሎ ኮይኑ ይመስለኒ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኻ ሃብቶም። ውክልና ከምዚ ዝበልካዮ ሓጺር መግለጺ ክውሃቦ ይክኣል'ዩ። እዚ ከኣ እቶም ሰባት ወካልን ተወካልን ተባሂሎም ዝጽውዑ ኮይኖም ወካሊ ንተወካሊ "ኣነ ብኣካል ቀሪበ ክፍጽሞ ዝግብኣኒ ጉዳይ ኣብ ክንዳይ ኮይኑ ክፍጽመለይ፡ ክካይደለይ፡ ክፍርመለይ ክከራኸረለይ፡ ወዘተረፈ ብምባል ብጽሑፍን ኣብ ዝምልከቶ ቦታን ቀሪቡ ስልጣን ክህቦ እንከሎ እዚ ውክልና ስልጣን ንብሎ።

ደዋሊ፤ ኣብ ዝምልከቶ ቦታ ኢልካ? እቲ ቦታ ኣበይ ማለት እዩ?

ኣማኻሪ፤ ውክልና ኵሉ ግዜ ኣብ ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ተፈራሪምካ'ዩ ዝውሃብ። ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ውክልና ስልጣን ምስ ሃብካ እቲ ተወካሊ ኣብ ክንዲ'ቲ ወካሊ ኮይኑ ኣብ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ስልጣን ክተግብር ሕጋዊ ተፈላጥነት ይህልዎ። እዚ ድማ እቲ ተወካሊ ዝፈጸሞ ተግባር ወካሊ ከም ዝፈጸሞ ይሕሰብ ማለት'ዩ። እዚ ካብዚ ወጻኢ ዝፍረም ውክልና ስልጣን ግና ሕጋዊ ተቐባልነት የብሉን።

ደዋሊ፤ ኣብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ድዩ ውክልና ክፍጸም ዝክኣል ወይስ ፍሉይ ጽፍሒ ኣለዎ?

ኣማኻሪ፤ ነፍሲወከፍ ጽፍሒ ኣብያተ ፍርዲ ነናተን ዝርእይኦ ጉዳይ ኣለወን። ኣብዚ ሎሚ እዋን ከኣ፡ ንውክልና ዝምልከት ጉዳይ ድማ ካብ ቤት ፍርዲ ዞባ ንላዕሊ ዘለዋ ኣብያተ ፍርዲ ጥራሕ እየን ከፈራርማ ስልጣን ተዋሂብወን ዘሎ። በዚ ከኣ 1ይ ደረጃ ኣብያተ ፍርዲ ውክልና ከፈራርማ ስልጣን የብለንን። ዳግመ ምርኣይ መጋባእያ'ውን ውክልና ስልጣን ከፈራርም ኣይክእልን'ዩ።

ደዋሊ፤ ውክልና ስልጣን ክብሃል ከሎ፡ ዓይነታት ኣለዎ ድዩ? እንተ ሃልይዎ ብኸመይ ይፈላለ?

ኣማኻሪ፤ ውክልና ከከም'ቲ ክስራሕ ተደልዩ ዘሎ ጉዳይ ወይ ተግባር ክፈላለ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት ንሓደ ኣብ ክንዲ ወካሊ ኮይኑ ንዝተወሰነ እዋን ትካል ክካይድ ማለት ዕለታዊ ንጥፈታት ትካል ክቈጻጸር፡ ግብሪ ክኸፍል፡ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ክኸፍል ... ዝተወከለ ካብቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘሎ ጉዳይ ተኸታቲሉ ክከራኸር ዝተወከለ ሰብ ይፍለ'ዩ። ብሓፈሻ ከኣ፡ ውክልና ስልጣን ሓፈሻውን ፍሉይን ተባሂሉ ክጥቀስ ዝክኣል ክኸውን ከሎ፡ እቲ ሓፈሻዊ ዝብሃል ደረት ዘይብሉ፡ ዳርጋ ኵሉ ነቲ ተግባር ዝምልከት ክፈጽም ዝኽእለሉ'ዩ። እቲ ፍሉይ ዝብሃል ግና እቲ ተወካሊ ዘተግብሮ ተግባር ኣብ ሰነድ ውክልና ስልጣን ዝተዘርዘረ'ዩ። ካብቲ ዝርዝር ብምውጻእ ዝፍጸም ተግባር ከኣ ሕጋውነት ዘይብሉ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ወካሊ ክሕተተሉ ከኣ ዝክኣል ኣይኮነን።

ደዋሊ፤ ብዛዕባ ሓደ ትካል ክካይድ ዝተወከለን ኣብ ቤት ፍርዲ ክከራኸር ዝተወከለን በበይኖም እዮም ኢልካኒ፣ እቲ ፍልልይ እንታይ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እቲ ፍልልይ ሕጊ ዝደንገጎ ኮይኑ ንመን ኣበየናይ ጉዳይ ትውክል'ዩ። ገለገለ ጉዳያት ንዝኾነ ሰብ ክውከል ይኽኣል'ዩ። እዚ ተወካሊ ምስ ወካሊ ዝህልዎ ስጋዊ ዝምድና ብዘየገድስ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ ከኣ እቲ ተወካሊ ምስ ወካሊ ብዘለዎ ዝምድና ዝድረት ኣሎ። እቲ ተወካሊ ምስ ወካሊ ናይ ቀረባ ዝምድና ምስ ዘይህልዎ ወኪል ኮይኑ ክቐርብ ኣይፍቀድን እዩ። እዚ ከም ኣብ ቤት ፍርዲ ዘሎ ክርክር ዝኣመሰለ ማለት'ዩ።

ደዋሊ፤ ናይ ቀረባ ዝምድና እንታይ ማለት'ዩ። ንመነ-መንከ የጠቓልል?

ኣማኻሪ፤ ብመሰረት ድንጋገታት ሲቪላዊ ስርዓተ-ሕግና ዓንቀጽ 58 ዝብሃል ኣሎ። ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ'ዚ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ንኻልእ ሰብ ወኪሎም ክከራኸሩ ዝኽእሉ፡ ንወካሊ ኣቦ፡ ሓው፡ ኣባሓጎ ወይ መጻምድቲ እዮም። እዚ ዓንቀጽ ነተን ደቀንስትዮ ብቐጥታ ዝጠቕሰን'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ኣቦ ወካሊ ኮይኑ ኣደ ዘይትኾነሉ፡ ወይ ሓው እናተፈቕደሉ ሓብቲ ዘይፍቀደላ ምኽንያት ስለ ዘየለ፡ ኣደ፡ ሓብቲ ዓባይ ወይ መጻምድቲ'ውን ብውክልና ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪበን ክከራኸራ ይኽእላ'የን።

ደዋሊ፤ ኣኮ፡ ሓወቦ፡ ሓትኖ፡ ኣሞ ወዘተ'ውን ርሑቓት ኣይኮኑን፣ ኣይፍቀደሎምን'ዩ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እዞም ዝጠቐስካዮም ናይ ርሑቕ ኣዝማድ'ዮም ማለት ኣይኮነን። ካብቶም ኣነ ዝጠቐስኩልካ ግና ኣይቀርቡን እዮም። ንእመት ስድሪ ኣላታ ከም ዝብሃል ከኣ ብሓደ ደረጃ ስለ ዝወረዱ፡ ብመሰረት ሕጊ ስርዓትና ብዘይካ እዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎም ሰባት መቕርብ ወኪል ኮይኑ ኣብ ቤት ፍርዲ ክከራኸር ዝኽእል የለን። እስከ ንስኻ፡ ካብ'ዞም ዝጠቐስናዮም መቕርብ መነመን ክትረክብ ትኽእል?

ደዋሊ፤ ኣነ ካብዞም ዝበልካዮም ሰባት ብዘይካ መጻምድተይ ካልእ ሰብ የብለይን'ሞ እንታይ ኣማራጺ ክህልወኒ ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ብዓልቲቤትካ ውክልና ስልጣን ሒዛ ክትከራኸር ትኽእል እያ'ኮ!

ደዋሊ፤ እወ! ግና ብዓልቲቤተይ ኣብዚ ቀሪቡለይ ዘሎ ክሲ ንዓይ ወኪላ ክትከራኸር ኣይደለኽዋን።

ኣማኻሪ፤ ስለምንታይ ድኣ ዘይደለኻያ?

ደዋሊ፤ እዚ ተኸሲሰሉ ዘለኹ ጉዳይ ናይ ኣቦነት'ዩ። ብዓልቲቤተይ ነዚ እንተ ፈሊጣቶ ኣብ ሓዳረይ ዝኾነ ምፍሕፋሕ ክመጽኣኒ ስለ ዝኽእል'የ።

ኣማኻሪ፤ እሞ ካብዞም ዝጠቐስኩልካ ሰባት ክውክለካ ዝኽእል እንተ ዘይሃልዩ፡ ካልእ ኣማራጺ ጠበቓ ምቑጻር'ዩ። እዚ ከኣ ፍሉጥን ሕጋውን ፍቓድ ንግዲ ወይ ሊቸንሳ ዘለዎ ኮይኑ ዝኸፈል'ዩ።

ደዋሊ፤ ጽቡቕ! ብዛዕባ መን ንመን ይውክሎ ነጊርካኒ። ብውክልና ክካየድ ዘይክኣልከ ጉዳይ ኣሎዶ?

ኣማኻሪ፤ እቲ ሓፈሻዊ መትከል ንሱ ኮይኑ፡ ድንጋገታት ኣዋጅ 153/2006 ግና ፍልይ ዝበለ ነጥቢ ሒዙ ንረኽቦ። እዚ ምስ ጉዳይካ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር እኳ ኣይኹን እምበር ንሓፈሻዊ ኣፍልጦ ውክልና ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ክንዛረበሉ ኣድላዪ'ዩ። ንሱ ድማ እዚ እተጠቕሰ ኣዋጅ ክራይ ገዛን ዝምድናታት ኣካራይን ተኻራይን ንምውሳንን ንምቁጽጻርን ተባሂሉ ንዝወጽአ ኣዋጅ 27/1992 ንምምሕያሽ ዝወጽአ ኣዋጅ'ዩ። ብፍላይ ድማ ነቶም ኣብ ብመንግስቲ ዝውነኑ ኣባይቲ ንትካል ዝተኻረዩ ሰባት ዝምልከት'ዩ። እዚ ኣዋጅ'ዚ ካብ መንግስቲ ዝተኻረየ ትካል ብወኪል ንልዕሊ 6 ኣዋርሕ ክካየድ ኣየፍቅድን'ዩ። ምናልባት ብኣፍልጦን ፍቓድን ኣካራዪ ንኻልኣይ 6 ኣዋርሕ ክካየድ ይክኣል ይኸውን። ልዕሊ ሓደ ዓመት ብውክልና ምስ ዝካየድ ግና ካብቲ ገዛ ምልቃቕ ክኸትል ይኽእል እዩ ብምባል እዚ ኣዋጅ ይድንግግ። በዚ ኢና ድማ ውክልና ዝፍቀደሉን ዘይፍቀደሉን ከከም'ቲ ጉዳይ ይፈላለ'ዩ ዝበልና።

ደዋሊ፤ እዚ ጉዳይ ውክልና ገፊሕ'ዩ ዝመስል። ብዝኾነ ናብቲ ጉዳየይ እንተ መጺአ ብውክልና ክከታተል ይኽእል'የ። ግና ካብቶም ኣቐዲምካ ዝጠቐስካለይ ከም ኣቦ፡ ኣደ፡ ሓው፡ ሓብቲ፡ ኣቦሓጎ፡ እኖሓጎ ወይ ድማ መጻምድቲ ዝኣመሰሉ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ክኸውን እንተ ዘይኮይኑ ድማ እቲ ኣማራጺ ጠበቓ ምቑጻር ምዃኑ ኣረዲእካኒ ኣለኻ። ኣመና'የ ዘመስግነካ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ። እዚ ስራሕና ስለ ዝኾነ ግቡእና'ዩ። ዝኾነ ጉዳይ ምስ ዝህልወካ በዚ ግዜን ተለፎንን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ደዋሊ፤ ሕራይ፡ የቐንየለይ።

## ልቦና ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

"ሓጐስ ምምቓል እምበር ስቓይ ምምቓል ዕርክነት ኣይፈጥርን።"

- Friedrich Nietzsche

"እቲ እሙን ዓርከይ ዝብሃል፡ ንጽቡቕ ዓቕመይ ካብ ዝተሓብኣ ጉርጉሩ ዘውጽእ እዩ።"

- Henry Ford

"ዕርክነት ማለት፡ ፍቕሪ ብዘይ መንገብገባ ማለት'ዩ።"

- Lord Byron

"እሙን ዓርኪ ኣብ ግንባርካ እዩ ዝወቕዓካ።"

- Oscar Wild

"ኣብ ዕርክነት እቲ ቐዲምና እንደልዮ ተኣማንነት እዩ።"

- Cicero

"ፍተና ንሓቀኛ ዕርክነት ይፈርድ።"

- Cicero

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ብርሃን ዓንደመስቀል

# ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ

## "ብሓባራዊ ስራሕ፡ ድሕነት መግቢ ነረጋግጽ!"




ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ24 ታሕሳስ 2024፡ ኣብ ትሕቲ "ብሓባራዊ ስራሕ፡ ድሕነት መግቢ ነረጋግጽ!" ዝብል ቴማ፡ ኩሎም ኣብ ድሕነት መግቢ ኣበርክቶ ዘሎዎም ልዕሊ 160 ወከልቲ ዝምልከተን ኣካላት ዝተሳተፉዎ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ኣብ ሓድሽ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቃኒዑ። ኣብቲ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ላዕለዎት ሓለፍትን ወከልትን ዝምልከተን ሚኒስትሪታት፡ መንግስታውያን ትካላት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ወከልቲ ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ፡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ወከልቲ ኣመስራሕቲ መግብን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ውልቀ ሰባትን እተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ብስም ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ወግዓዊ መልእኽቲ ናይቲ መዓልቲ ኣስሚዑ።

ኣቶ ተኽለኣብ ኣብ መልእኽቱ፡ 'ድሕነቱ ዘይሓለወ መግቢ፡ መግቢ ኣይኮነን' ዝብል ብሂል፡ ብፍሉይ ኣድህቦ ክስርሓሉ ዝግባእ ዛዕባ ምዃኑ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ኣብ ሃገርና ወግዓዊ ቍጽጽር ድሕነት መግብን ንዕኡ ዘድሊ መሳለጥያን ኣብ መንጎ እተፈላለያ መንግስታውያን ትካላት ተዘርጊሑ ከም ዘሎ ጠቒሱ። ሰንሰለት ድሕነት መግቢ ግና ኣዝዩ እተሓላለኸ ስለ ዝኾነ፡ ኲሉ'ቲ ዝግበር ሃገራዊ ተበግሶታት ብሓደ ውሁድ ሃገራዊ ፖሊሲ ዘይተደገፈ ብምዃኑ፡ ከም ማሕንቖ ኪጥቀስ ይከኣል። ኣብ ከምዚ ኲነታት፡ ንጥፈታት ሃገራዊ Codex ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ቍጽጽር መግቢ ዝነጥፉ ትካላት መንግስቲ ኣብ ሓደ መኣዲ ብምምጻእ ተሞክሮታተን ንምልውዋጥ ሓጋዚ ተራ ኪጻወት ከም ዝጸንሐ ገሊጹ። ከም ዝፍለጥ፡ ሚ/ሕርሻ ወኪል ኤርትራ ንCodex Alimentarius ምዃኑ ዝፍለጥዩ። ነዚ ዕድል ብተመሳሳሊ መንገዲ ተጠቒሙ ድማ፡ ነዚ ዋዕላ'ዚ ኪውድብ ከም ዝኸኣለ ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ወሲኹ ይገልጽ።

ኣቶ ተኽለኣብ ኣብ መወዳእታ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ዋዕላ ህልዊ ንጥፈታት፡ ተመኩሮታትን ብድሆታትን ዝምልከተን ኣካላት ብምፍታሽ፡ ውሁድ ዝኾነ መፍትሒታት ምንዳይን ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ምስ ድሕነት መግቢ ዝተኣሳሰር ቴማ ዘሎዎም፡ ብወከልቲ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፣ ትካል ደረጃታት ኤርትራ፣ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ከምኡ'ውን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ 13 ወረቓቕቲ ቀሪቦም። እቶም ዝቐረቡ ወረቓቕቲ፡ ብዛዕባ ዓለም-ለኻዊ ሕጋጋት ቍጽጽር ድሕነት መግብን ተሳትፎ ኤርትራ ኣብቲ ውድብን፡ ተመክሮታት ድሕነት ውጽኢት ሕርሻዊ ፍርያት፡ መጽናዕቲ ብዛዕባ ንጽህና ኣብ ገለ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ገምጋም ብዛዕባ ኣብ ገለ ዲጋታት ዝርከቡ ትሕዝቶ ማዕድናትን ጽልዋኦምን፡ ተራ ምድራጅን ምርመራን ኣብ ድሕነት መግቢ፡ ስርዓተ ቍጽጽር ውሕስነት ማያዊ መግቢ፣ ተራ ላቦራቶሪ ዓሳ ኣብ ምቍጽጻር ድሕነት ማያዊ ምህርቲ፡ ኣከባብን ድሕነት መግብን ዝምልከቱ ነይሮም።

ድሕነት መግቢ፡ ኣብ ኩሉ ሰንሰለታት መግቢ ብዙሕ ነገራት ስለ ዘለዎ፡ ዝተሓላለኸ ጉዳይ'ዩ። ሰንሰለታት መግቢ፡ ከም ምፍራይ መግቢ፡ ምኽዛን፡ ምጉዕዓዝ፡ ምምስራሕ፡ ምዝርጋሕ ኣብ መወዳእታ ድማ ምህላኽ ዝኣመሰሉ ጉዳያት የጠቓልል። ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ኩሉ ዝተጠቕሰ ሰንሰለታት መግቢ፡ ኣብ መንጎ ዝምልከቶም ወገናት፡ ጥቡቕ ምክትታልን ምውህሃድን የድሊ። ኣብ መንጎ ዝኾነ ሃጓፍ ምስ ዝፍጠር ድማ፡ ድሕነት መግቢ ኣብ ሓደጋ ይኣቱ ማለት'ዩ። "ሓደ ሰንሰለት ድልዳለኡ ዘረጋግጽ ብመላግቦታት'ዩ" (A Chain is as Strong as its Links") ዝብል ኣበሃህላ፡ ብልክዕ ነቲ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ዘሎ መላግቦታት ዝገልጽ'ዩ።
"ብሓባራዊ ስራሕ፡ ድሕነት መግቢ ነረጋግጽ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ዋዕላ ድሕነት መግቢ፡ ኪንዮ ዋዕላ ምኽያድ ዝኸይድ ምትሕግጋዝ ዘንጸባርቕ'ዩ።

ድሕሪ ዝቐረበ ወረቓቕቲ፡ ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፡ ኣብ ድሕነት መግቢ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ዘወሃሃደሉ መገድን ተራ ኲለን ኣካላት ዝንጽረሉን ሜላ ክፍጠር፣ ኣብ ድሕነት መግቢ ዘተኲሩ መጽናዕትታት ክስስኑ፣ ብልምዳዊ ኣገባብ ዝካየድ ዘሎ ኣገባብ ቍጽጽር ድሕነት መግቢ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ዝሕይለሉ ኣማራጺታት ክናደ፣ እተኻየደ ምርምራዊ ስራሓትን ውጽኢቱን ንዝምልከቶም ወሰንቲ ኣካላት ኣብ እዋኑ ክቐርብ ዝብሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ዝቐርብ መግቢ ካብ ኣሰራርሓኡ ክሳብ ናብ ተጠቃማይ ዝበጽሕ ዕቱብ ክትትል ክግበረሉ፣ ንኣካየድቲ ስራሕን ኣሳሰይትን እኹል ስልጠናን ጎስጓሳትን ክወሃቦም፣ ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝምልከተን ኣካላት ክሳብ ደረጃ ምምሕዳር ከባቢታት መሓውራት ክዝርግሓ ዝብሉን ካልኦት ለበዋታትን ኣቕሪቦም።


ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ውሕስነት መግቢ ዓለማዊ ኣገዳስነት መንግስታት፡ ኣፍረይቲ መግቢ፡ መስራሕትን ተጠቐምትን እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ውሑስን ንጥዕና ዝሰማማዕን መግቢ ምቕራብ፡ ጥዕና ህዝቢ ከም ዝመሓየሽ ብቐሊሉ ኣብ ኣህጉራውያን ዕዳጋታት ንምርካብ ይከኣል። ብኣንጻሩ ውሑስ ዘይኮነ መግቢ ኣብ ልዕሊ ተጠቐምቲ ጉድኣት ከም ዘስዕብ ይፍለጥ።

ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ዓመታዊ ብሰንኪ መግቢ-ጸወር ሕማማት (food borne diseases) 600 ሚልዮን ሰባት ክሓሙ ከለዉ፡ 420 ሽሕ ሰባት ድማ ብሰንኪ ዘይውሑስ መግቢ ይሞቱ። ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ቈልዑ ዝለዓለ ነዚ ሕማም ዝተቓልዑ ክኾኑ ከለዉ፡ ዓመታዊ ድማ 125 ሽሕ ቈልዑ ይሞቱ። ብመንጽር እዚ፡ ንምፍዋሱ ዝወጽእ ገንዘብ ድማ ዓመታዊ ልዕሊ 110 ቢልዮን ዶላር ከም ዝኾነ ጸብጻባት ዓለማዊ ባንክ ይሕብር።

ብሰንኪ ጉድለት ንጽህና ዝስዕብ ሕማም ውጽኣት፡ ብደረጃ ዓለም እቲ ሳልሳይ ንሞት ዘቃልዕ ሕማም እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት። ጸብጻባት ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዝሕብሮ፣ ብሰንኪ ሕማም ውጽኣት ዓመታዊ ኣስታት 1.7 ቢልዮን ክስተት ተርእዮ እዚ ሕማም ኣብ ህጻናት የጋጥም። ካብዚኣቶም፡ ልዕሊ 440 ሽሕ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 50 ሽሕ ድማ ኣብ ክሊ ዕድመ ሓሙሽተ ክሳዕ ትሸዓተ ዝርከቡ ህይወቶም ይስእኑ።

***



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07505096 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

# መብጽዓታት ሓድሽ ዓመት

## ኣብ ሓድሽ ዓመት ክኸውን ካብ ዝኣተናዮ መብጽዓ ክንደይ ነተግብር?

ጽንብል ሓድሽ ዓመት፡ ኣብ ታሪኽ ኣስታት 4000 ዓመት ኣቝጺሩ ይርከብ። እዚ ሕጂ ክንጽንብሎ እንዳለና ሓድሽ ዓመት፡ ካብ 31 ታሕሳስ ናይዚ ዘውድእ ዘሎ ዓመት ጀሚሩ ክሳብ 1 ጥሪ ናይቲ ዝመጽእ ዓመት ዝቕጽል ወግዒ ዝርከቦ እዩ። ጽንብል ሓድሽ ዓመት ከምቲ ካልእ ጽንብላት መግብን መስተን ጌርካ ዝሕለፍ ኮይኑ፡ ብፍሉይ ግን ብዙሕ መብጽዓታት ይእተዎ። ዓመት መጽአ ብርክት ዝበሉ ሰባት፡ ዝነበሮም ጉዳኢ ወልፊ ክሓድጉ፡ ዝተባላሸወ ዝምድናታቶም ከመዓራርዩ፡ ዘይፈትውዎ ባህሪኦም ከዐርዩ፡ ዘማዕብሎም ትምህርቲ ወይ ስልጠና ክወስዱ፡ ወዘተ ኣብ ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ይኣትዉ። ክንደይ ካብዚ ዝተኣትወ መብጽዓ ኣብቲ ዓመት ይፍጸም ግን ንኹላትና ዝተኸወለ ኣይኮነን። ገለ ካባና'ውን ዓሚ ዝኣተናዮ ስለ ዘይኣተግበርናዮ፡ ሎሚ ዓመት ደጊምና ተመባጺዕና ንህሉ ኢና። ነዚ ብዝምልከት፡ ብ2023 'ዲስካቨር ሃፒ ሃቢት' ኣብ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ካብ ዝእተዉ መብጽዓታት 91% ከም ዘይትግበሩ ተገሊጹ ይርከብ። ዝተመባጸዕናዮ ኣተግብሮቲ ካብ ዘይምኻንና ዝብገስ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝእቶ መብጽዓን ጽቡቕ ምንዮትን 'ትርጉም ኣልቦ እዩ' ኢሎም ዝሓስቡ ኣይሰኣኑን እዮም። ኣብ ሓድሽ ዓመት እንምነዮ ምንዮትን እንኣትዎ መብጽዓን እወታዊ ውጽኢት ንምምጻእ ክሳብ ዘኾነ፡ 'ትርጉም ኣልቦ እዩ' ክበሃል ኣይከኣልን። ከምቲ ወለድና ዝብልዎ "ንቑልዓ ክብላ ይበልዓ" ሓድሽ ዓመት ኣመኽኒና ጽቡቕ ክንምነን ንዕቤትና መብጽዓ ክንኣቱን ይሓይሽ እምበር። እንተኾነ፡ መብጽዓና ነተግብር ክንከውን ኣለና።

ስለምንታይ ዝበዛሕና ኣብ ሓድሽ ዓመት ብፍሉይ ንለውጢ ንሃርፍ? 'ሓድሽ ዓመት እኮ ልክዕ ከምቲ ካልእ መዓልቲ እያ፣ ኣብ ዝደለናዮ ካልእ መዓልቲ መብጽዓ ክንኣቱን ከነተግብርን ንኽእል ኢና፡' ዝብል ርእይቶ ሰብ ኣሎ። ሓደ ጥሪ፡ 12 መጋቢት፡ 3 ሓምለ፡ 31 ታሕሳስ፡ ኩሉ መዓልታት እዩ። እንተኾነ፡ ብፍሉይ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ክንኣቱን ንለውጢ ክንምድብን ንርአ። ዓመት ክውዳእ ከሎ፡ ኣብ ሓንጎልና ዝመጽእ ክምለስ ዘለዎ ናይ ነብሰ-ገምጋም ሕቶታት ኣሎ። 'ዓመት ምሉእ እንታይ ገይረ?' 'ዓሚ ኣበይ ደረጃ ነይረ? ሎሚ ዓመት ከ እንታይ ምዕባለ ኣምጺአ?' 'ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክገብሮ ዝተመባጸዕኩዎ ገይረዮ ዶ?' ... ዝኣመስሉ ሕቶታት ኣብ መወዳእታ ዓመት ዝቕልቀሉ ሕቶታት እዮም። እዞም ሕቶታት ኣብ ርብዒ ወይ ፍርቂ ዓመት ኣይመጽኡናን እዮም። ኣብ መወዳእታ ዓመት ግን፡ ልክዕ ከም ኦዲተር፡ ግዜና ኣበይ ከም ዘውፈርናዮ ከወራረድ ይመጽእ።




ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ከለና ኸኣ ዝጉድለና ነገራት ንእገረ መገድና ንረክብ እሞ፣ 'ንዓመታ ...' ኢልና ከም ብሓድሽ መብጽዓ ንኣቱ። ዝኣተናዮ መብጽዓታት ከም ዘየተግብርናዮ ምስ ገምገምና፡ ዝበዛሕና ዓመት ምሉእ ስለ ዝኸሰርና ጽቡቕ ስምዒት ኣይህልወናን። ጽንብል ሓድሽ ዓመት ግን ተስፋ ናይ ምስናቕ ባህሊ ስለዘለዎ፡ ከም ብሓድሽ ንዓመታ ጽቡቕ ብምምናይን መብጽዓ ብምእታውን ንቕበላ።

ንምንታይ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝተመባጸዕናዮ ከነግብሮ ንሸገር?

### 1- መብጽዓና ካበይ ይብገስ ዘይምስትውዓል

ብዛዕባ ሓድሽ ዓመት ክንዛረብ ከለና፡ ብዛዕባ ግዜ ንዛረብ ኣለና ማለት እዩ። ስለዚ፡ ሓድሽ ዓመት ይመጽእ እንተ ሃልዩ፡ ዝተወደአ ዓመት ኣሎ ማለት እዩ። ሰብ ከኣ ብተፈጥሮኡ ዝውዳእ ነገር ኣይፈቱን እዩ። ብፍላይ ግዜ ዘይትካእ ጸጋ ስለዝኾነ፡ ሓደ ዓመት ካብ ዕምርና ወዲእና ክንበሃል ከለና ናብ ሞት ንቕርብ ከም ዘለና እዩ ዘዘኻኽር። ኣብ መወዳእታ ዓመት፡ ናብ ኣእምሮና ምስ ዘቀላቐሉ ገምጋማውያን ሕቶታት ወሲኽና፡ ንስምዒታትና ዝፈታትን ብዙሕ ጉዳያት ይመጽእ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ከምዚ ናይ ምስግጋር ግዜ ዝእተዉ መብጽዓታት መበገሲኦም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። መብጽዓታትና ብዘይተመሓደረ ስምዒታት ተኾርኩሩ ይእቶ ምስ ዝህሉ፡ ተተግባራውነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ይኽእል። ገሌና'ውን ብዓርከ-መሓዛ ተደፋፊእና መብጽዓ ንኣቱ ኢና። እንኣትዎ መብጽዓ ዋላ እወታዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ይኹን፡ ፈቲናን ብመረዳእታን ምስ ዘይንኣትዎ፡ ንምትግባሩ ዝሕተት ዋጋ ክንከፍል ኣይንኽእል። ስለዚ፡ መብጽዓ ክንኣቱ ከለና፡ ንኽውንነትን ተተግባራውነትን እቲ መብጽዓ ብዕምቈት ሓሲብና ክንኣትዎ የድሊ። መብጽዓና ተተግባሪ ድዩ ኣይኮነን ንምርግጋጽ፡ ምኽሪ ካልኦት ክንሓትት ንኽእል ኢና። ካልኦት ስለዝገበርዎ ወይ ብስምዒት ጥራይ ተደፋፊና መብጽዓ ምእታው ግን ተመራጺ ኣይኮነን።

### 2- መብጽዓና ናብ መደብ ዘይምቕያር

መብጽዓ ሓሳብ እዩ። ናብ ተተግባሪ ንጥፈት ክቕየር እንተ ኾይኑ፡ ብግቡእ መደብ ክወጽኦ የድሊ። ዝበዝሕና ግን "ንዓመታ፡ ገንዘበይ ኣብ ዘይጠቅም ነገር ኣየባኽኖን እየ?" ጥራይ ኢልና ኢና ዱብ ነብሎ። ነየናይ ጉዳይ ኢና 'ኣይጠቅምን'ዩ' ኢልና ገንዘብና ከነባኽነሉ ዘይንደሊ ዘለና? ዝጠቅምን ዘይጠቅምን ጉዳይ እንፈልየሉ ረቛሒ እንታይ እዩ? ክንደይ ካብ ገንዘብና ኢና ከነዋህልል ደሊና ዘለና? ካብቲ ዘጠራቐምናዮ ገንዘብ፡ ብዘይ መደብ ንኸይነባኽን እንታይ ብልሓት ኢና እንጥቀም? ገንዘብ ናይ ምውህላል መብጽዓና ክሳብ መዓስ ዝኸይድ ውዕል እዩ? ወዘተ እናበልና፡ ንመብጽዕና ናብ ተጨባጢ መስርሕ ክንቅይሮ የድሊ። መደብ ከነውጽእ ከለና፡ ፈለማ እንታይ ንደሊ ኣለና ብንጹር ምስፋር ከድልየና እዩ። ኣብ ስራሕ ምስ ኣተና፡ ብመደብና ንኸይድዶ ኣለና? እቲ ዝደለናዮ ውጽኢት ከ ንረክብ ዶ ኣለና? ዝፍትሽ ገምጋም ከኣ ኣገዳሲ እዩ። ገምጋም ምስ ገበርና ዝጎድለና ኣለሊና መደብና እናኣመዓራረና ክንስጉም ከኣ ንኽእል። ዝበዛሕና፡ ብዛዕባ'ቲ ዝኣተናዮ መብጽዓ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ምስ በጻሕና ኢና እንገምግም። እዚ ኸኣ ኣብ መስርሕ ክመዓራረ ዝነበሮ ጉዳይ፡ ኣብ ግዚኡ ካብ ምጽጋን ክዕንቀጾና ይኽእል። ስለዚ፡ መደብና ናይ ገምጋምን ጽገናን ንጥፈታት ከጠቓልል ኣገዳሲ እዩ።

### 3- ንንጥፈት እምበር ንባህርያዊ ለውጢ ኣብ ግምት ዘይምእታው

መብጽዓ ክንኣቱ ከለና፡ ክንገብሮ እንደሊ ለውጢ ብመልክዕ ንጥፈት ሓሲብና ኢና እነስፍሮ። ዝተመባጻዕናዮ ክንገብርን ግን ኣብ ጽቡቕ ባህግና ጥራይ ዝምርኩስ ኣይኮነን። ዝበዝሐ መዓልታዊ ንጥፈታትና ብልምድና እዩ ዝምራሕ። ሓድሽ ለውጢ ክንገብር ምስ እንደሊ ኸኣ እቲ ቀዳማይ ተጻባኢ ኮይኑ ዝጸንሕ ልምድና እዩ። ባህግና ዝደረኾ ኣንጊህና ናይ ምትንሳእ ባህሪ ከነማዕብል መብጽዓ እንተ ኣቲና፡ እቲ ኣርፊዱ ምትንሳእ ዝለመደ ነብስና፡ መብጽዓና ነበረ ያ ነበረ ክገብሮ ይኽእል እዩ። ዝበዝሐ መብጽዓ ዕምሩ ካብ ጥሪ ኣይሓልፍን እዩ። ኣብ ቀዳማይ ወርሒ መብጽዓና ከነተግብር ብልዑል ባህጊ ኢና እንብገስ። እንተኾነ፡ እቲ ንዓመታት ተሓንጊጥናዮ ዝጸናሕና ባህሪ ክንቅይር፡ ጥቡብን ዓቕልን ጉዲልና ስለዘጸንሕ፡ ተበግሶና ቀልጢፉ ክቕህም ንርእዮ። ነዚ ንምውጋድ እምበኣር፡ ኣብዚ ዝመጽእ ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ክንኣቱ ከለና፡ ድኹምን ሓያልን ጉድንና፡ እወታውን ኣሉታውን ልምድና፡ ክእለታትናን ጉድለታትናን ክንፍትሽ የድሊ። ኣብ ህይወትና እንገብሮ ለውጢ ምስ ባህርና ምርጻሙ ከም ዘይተርፎ ተገንዚብና፡ ንናይ ባህሪ ለውጢ ዝሕግዘና ጥበባት ክንመሃር ክንሕልን ኣገዳሲ እዩ።

### 4- ንለውጢ ቅሩብ ዘይምጽናሕ

ኩልና ለውጢ ንብህግ ኢና። ለውጢ ንምምጻእ ዘድሊ ጻዕሪ ክንገብር ግን ድልዋት ዲና? ክምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ለውጢ፡ ብርክት ዝበለ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዘይምቹእነት ክፈጥር ዝኽእል መስርሕ ብምሕላፍ እዩ ዝረጋገጽ። መብጽዓ ክንኣቱ ከለና፡ ነቲ ኣብ መጨረሽታ እንረኽቦ ውጽኢት እናሓሰብና ስለ እንኣትዎ፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ዘጋጥም ብድሆ ከይተዳለና ኢና እንጸንሕ። ሰኣን ቅድመ-ምድላውን ዘድሊ ጻዕርን ምግባር፡ እቲ ዝደለናዮ ውጽኢት ከይረኣና ተስፋ ንቘርጽን ነቋርጾን። ንለውጢ ቅሩባት ምኻንና ብኸመይ ከነረጋግጽ ንኽእል? ኣብ መስርሕ ለውጢ ክጋንፍ ዝኽእል ብድሆ፡ ዋላ'ኳ ብምልኣት ክንፈልጦ ኣይንኽእል፡ ካባና ዝሕተት ልዑል ዓቕን ዲሲፕሊን ከም ዘሎ ግን ንስሕቶ ኣይብልን። ዝበዛሕና ኸኣ ንለውጢ ዝሕተት ዲሲፕሊናዊ ብቕዓት ስለ ዝጐድለና ኢና መብጽዓና ካብ ምግባር ንበኩር። 'ንዓመታ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብስሩዕ ክጅምር እየ፡ ' ኢልና መብጽዓ ንኣቱ'ሞ፡ ዕለት ሓደ ምስ ኮነ፡ ንጽባሕ ንድሕሪ ጽባሕ እናበልና ብምስግጋር ዋላ ሓደ መዓልቲ ስፖርት ከይሰራሕና ዓመት ይዛዘም። ገለ ሰባት ከኣ ንለውጢ ተበጊሶም እንክነሶም፡ ብሰንኪ ጽልዋ ዓርከ-መሓዛ ካብ ተበግሶኦም ይበኾሩ። ስለዚ፡ ንዝተመባጻዕናዮ ከነትግብር ዝሕግዝ ዓርከ-መሓዛን ሃዋህውን እውን ኣብ ግምት ኣእቲና ክንብገስ የድሊ።

### 5- ዓቕምና ዘይምፍላጥ

ዝተኣተወ መብጽዓ ንኸይትግበር ካብ ዝዕንቅጽ ብድሆ ሓደ፡ ነብስኻ ኣተዓባቢኻ፡ ብኣንጻሩ ኸኣ ነቲ ዝእቶ መብጽዓ ኣነኣኢስካ ምርኣይ እዩ። መብጽዓና ከነተግብር ንደሊ ካብ ኮንና፡ ተግባራዊ ድዩ ኣይኮነን ቀዲምና ክንጽንዮ የድሊ። እቲ ቀዳማይ ሕቶ ኸኣ ኣነ ክገብሮ እኽእል ድየ? ወይ ክገብሮ ዓቕመይ ድዩ? ክኸውን ኣለዎ። ገንዘብ ከይሓዝና "ድሓን፡ ፈጣሪ ይሓግዘኒ እምበር ንዓመታ 10,000 ከወፊ መብጽዓ እኣቱ!" እንተ ኢልና፡ ንዓመታ ዝሕተት ኣካል መን ይኸውን? መብጽዓ ኣብ ሕብረተሰብና ርዝነት ዘለዎ ናይ ቃል ኪዳን እዩ። ስለዚ፡ ክንትግብሮ ዘይንኽእል መብጽዓ ዘይምእታዉ! "ንዓመታ ክምርያ እየ፡" ዝብል መብጽዓ ሰሚዕና'ውን ንኸውን ኢና። 'መርዓዊ ከይሓዛ ዓርኪ ሓዛ' ይብሉ ለባማት፡ መርዓ ብመብጽዓ ሓድሽ ዓመት ዝእቶ ኵነት ጥራይ ኣይኮነን። ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ መብጽዓ ምእታው እውን ንፍሸለት መብጽዓና ብኣግኡ ምቅላዕ ስለዝኾነ፡ ዘይምግባሩ ይሓሽ። መብጽዓ ክንኣቱ ከለና፡ ክዕቀቦ ከም እንኽእል ተኣማሚንና ክንኣቱ የድሊ። ሽሕ ግዜ ደኣ ብነብስና ተኣሚንና መብጽዓ ንእቶ፡ ኣብ መስርሕ በዳህቲ ኵነታት ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ዓቕሊ፡ ተጻዋርነትን ጻዕርን ክንገብር የድሊ። መብጽዓና ኣብ ዘተግበርናሉ ግዜ ኸኣ ንነብስን ምምጓስ ኣይንረስዕ። ገለ ገለ ክሕለፍ ዘይክእል ብድሆታት ብምግጣሙ መብጽዓና ምስ ዘይነትግብር፡ ተመኩሮና ብቐንዕና ገምጊምና፡ ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ተበግሶ ክንወስድ ንኽእል። ናይ ሎሚ ሓድሽ ዓመት መብጽዓና እምበኣር፡ 'መብጽዓና እነተግብር' ሰባት ንኽንከውን ይኹን።

ርሑስ ዓመት ንኹልና!

### ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ብብዝሒ ካብ ዝእተዉ መብጽዓታት፤

1- ወልፊ ንምቁራጽ
2- ሓዳር ምግባር
3- ካብ ሕማቕ ዝምድናታት ምልቓቕ
4- ሓድሽ ሞያ ምስልጣን
5- ሓድሽ ልምዲ ምምዕባል
6- ዑደት ምኽያድ
7- ወለንታዊ ንጥፈታት ምኽያድ
8- ጥዕና ምሕላው
9- ምውህላል ገንዘብ።

# “ኤርትራ፡ ኣብ ምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ወሳኒ ተራ ትጻወት ኣላ”

## ኣምባሳደር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ሚስተር ማርኮ ማንቺኒ

ሳብሪና ሰለሙን
ትርጉም፦ ዮርዳኖስ ዘርኣይ

***እዚ ቃለመጠይቕ'ዚ፡ ኣምባሳደር ማርኮ ማንቺኒ ናይ ስራሕ ግዜኡ ፈጺሙ ካብ ኤርትራ ኣብ ዝተኣናበተሉ ምስ ጋዜጣ ኤርትሪያን ፕሮፋይል ዘካየዶ ኮይኑ፡ ብ14 ታሕሳስ 2024 ኣብታ ጋዜጣ ተሓቲሙ ዝወጸ እዩ። ጸማቕ ትሕዝቶኡ ቀጺሉ ይቐርብ።***

***• ሓፈሻዊ ዝምድና ኤርትራን ኢጣልያን ከመይ ትግምግሞ? ኣብ ምሕያል ዝምድናን ጥምረትን እዘን ክልተ ሃገራት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ንግዲ፡ ወፍርን ባህላዊ ምልውዋጥን ብወገንካ እንታይ ተበግሶታት ወሲድካ?***

ኣብ ኤርትራ ኣርባዕተ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ገይረ ኣለኹ። ንኣይ ብሓቂ ኣገዳሲ ግዜ'ዩ ነይሩ። ኣነ ብዓልቲ ቤተይን ፈለማ ናብ ኣስመራ ምስ መጻእና፡ ዓለምና ብለበዳ ኮቪድ-19 ተናዊጻ ምስቲ ለበዳ ትቃለሰሉ ዝነበረት ግዜ ኮይኑ፡ ኩሉ ስራሕ ደኺሉ ዝነበረሉ ግዜ'ዩ። እቲ ለበዳ ምስ ዝሓለፈ ግና፡ ምስ መንግስታውያን ትካላትን ማሕበር ሰራሕተኛታትን ርኹብ ክካየድ ጀሚሩ። ግብራውን ፍሉጥን ስራሕ ዝጀመርና ድማ ድሕሪ ኮሮና እዩ። ሓደ ካብ ቀንዲ ዝተገናጸፍናዮ ዓወት፡ ዳግመ-ምንፍፋት ማሕበራ-ባህላዊ ማእከል ኢጣልያ ኣብ ኣስመራ እዩ። እዚ ብምሉእ ምትሕብባር መንግስቲ'ዩ ክውን ኮይኑ። ምርኢት ፊልም፡ ቅብኣን ካልእን ዝጠቓለለ ንጥፈታት ከሰናድድ፡ ውዕዉዕ ባህላዊ ማሰናድኣታት ክንውድብ በቒዕና። ካብ ሕጂ ንድሓር እቲ ማእከል መራኸቢ ድልድል ባህላዊ ምልውዋጥን ምትሕብባርን ኤርትራን ኢጣልያን ኮይኑ ክቕጽል እዩ።

ንንግድን ወፍርን ብዝምልከት፡ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ሰፊሕ ዘርርብ ክካየድ ጸኒሕና ኣለና። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝገበሮ ቃለመሕተት፡ ሰላም ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ንልምዓት ምዃኑ ተዛሪቡ ነይሩ። ብርግጽ ድማ ኤርትራ ምርግጋጽ ዘሎዋ ሰላምን ርግኣትን ተዓዊታትሉ'ያ ክበሃል ይኽእል። እዚ ድማ ንምሕባራውን ፖለቲካውን ምዕባለ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ።

ሕጂ ኤርትራ፡ ኣብ ዳግመ ህንጸት ብፍላይ ከኣ ኣብ ምምዕባል ትሕተ-ቅርጻን ምጥጣሕ መሰረታዊ ዕድላትን እያ እትርከብ። እዛ ሃገር፡ ኣብ ኢንዱስትሪን ዝተፈላለየ ጸጋታት ቁጠባን ዝኢፍ ዕቑር ዓቕሚ ዘለዋ እያ። ወናኒት ብዙሕ ኢንዱስትሪያዊ ጥረ-ነገራት'ያ። ኣብ ርእሲ'ዚ ወጻኢተኛታት ኣወፈርቲ ንምስሓብ ንጹር ሕጋዊ ቀጥዒታት ክህሉ ኣገዳሲ'ዩ። ዝ ሚኒስትሪ ፍትሒ ኤርትራ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኤፈልጥ'ዩ። ንጉዳዊ ርክብ ኢጣልያን ኤርትራን ነዊሕ ድሕረባይታ ዘለዎ'ዩ። ንምምዕባሉ ድማ ሰፊሕ ዕድላት ኣሎ። ኢንዱስትሪያውን ቁጠባውን ዕቤት ብንኣሽቱ ተበግሶታት ጀሚሩ'ዩ ደረጃ ብደረጃ ናብ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ዝሰጋገር። ብዘወሳኺ፡ ብመገዲ ካዛ ደሊ ኢታልያኒ ባህላዊ ምትእስሳር ምሕያል ካብ ቀዳምነታትና'ዩ። ምኽንያቱ፡ ሓባራዊ ታሪኽን ባህላዊ ምትእስሳርን ዘለና ህዝብታት ኢና። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ጥሪ 2024 ኣብ ኢጣልያ ዘካየዶ ዑደት ድማ፡ መጻኢ ዝምድናታት ንምስፋሕ መሰረት ዝጸረፈ ዓቢ ታሪኻዊ ምዕራፍ እዩ ነይሩ።

***• ምብጻሕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጋጽ እዚ ታሪኻዊ ዝምድና እንታይ ኣበርክቶ ነይሩዎ ትብል? ዝተበጽሐ ምርድዳእትኽ ነይሩ'ዶ?***

ምብጻሕ ፕረዚደንት ናብ ኢጣልያ ነጥቢ-መቐይሮ'ዩ ነይሩ። ኣብ ዋዕላ ኣፍሪቃ-ኢጣልያ ተሳቲፉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንልዕሊ 10 መዓልታት ኣብ ኢጣልያ ምጽንሑ ዝዘከር እዩ። ዝኾነ ካልእ ፕረዚደንት ዘይገበሮ'ዩ። እቲ ምብጻሕ ክሳዕ'ቲ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተርን ካልኦት ሚኒስተራትን ዘካየዶ ርኽብ ዝዓዘዘ ትርጉም ኣለዎ።



ክቡር ፕረዚደንት ብዘተኻእኦ ኣብ ሓያሎ ዞባታት ኢጣልያ ብምብጻሕ ዝተፈላለየ ኣፍረይቲ ኢንዱስትሪታት ተዓዚቡ። እዚ ፍሉይ ቅዲ ናይ መራሕነቱ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ዓቢ ኣስተብህሎ ሓዙ ናብ ኤርትራ ክምለስ ኣኽኢልዎ'ዩ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢጣልያን ኣብ ምኽብባርን ማዕርነታዊ ሽርክነትን ዝሰረተ ምትሕብባር ንምኽፋት ባብ ዝርሓወ ምዕራፍ ድማ'ዩ። ኑቲ ብምዕራባውያን ሃገራት ዝተለምደ ሓደ ሸነኻዊ መምርሒ ብምእላይ፡ ኣብ ዘተን ምኽብባርን ዝተመስረተ ሽርክነት ክህሉ ሓድሽ ባይታ ዘጣጠሐ፡ ምጅማር ሓድሽ ዘመን ምትሕብባር ዘበሰረ እዩ። ብወገን ኢጣልያ ብሓደ ወገን ዝምራሕ ወይ ዝዕብለል ዘይኮነ፡ ኣብ ማዕርነታዊ ሽርክነት ዝሰረተ ምስ ኩነታት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝሰማማዕ ሓድሽ ባይታ ምትሕግጋዝ ክህሉ ድሌት ኣሎ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እውን፡ ነዚ ሓድሽ ሓሳብ ብሕጉስ መንፈስ'ዩ ተቐቢልዎ። ርግጽ እዩ፡ ኣጀንዳ ናይቲ ዋዕላ ሕጂ'ዩ ዝበጋገስ ዘሎ። ኣብ ዝቕጽል መስርሕ ግን ብዙሕ ተጨባጢ ፕሮጀክትታት ክህልዉና እዩ። ቀስ እናበለ ዝዓቢ ብዙሕ ውጥናት ሒዝና ኣለና።

***• ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ብፍላይ'ኳ ኣብ ጸላት ሕርሻ ተሓዲሲ ጸዓትን ቱሪዝምን እንታይ ዕድላት ይርእየካ? ቀዳምነታት ዝተዋህቦ ተበግሶታት ወይ ፕሮጀክትታትከ ኣለው'ዶ?***

ድሕሪ ምብጻሕ ክቡር ፕረዚደንት ናብ ኢጣልያ፡ ሚኒስተር ኢንዱስትሪ ኢጣልያ ፈላማይ ዑደት ናብ ኤርትራ ምኻዱ ዝዝከር እዩ። ንላዕለዎት ሓለፍቲ ወደብ፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ መገዲ ባቡር፡ ቴክኖሎጂ ሕርሻን ጸላት ጥዕናን ወኪሉ'ዩ መጺኡ። ምስ ፕረዚደንትን ካልኦት ሚኒስተራትን ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታትን ተኸእሎታትን ዓሚቕ ዘተ ኣካይዶም። እዚ ክልቲኡ ዑደት'ዚ ንቐጻሊ ምትሕግጋዝ ክልቲአን ሃገራት ባይታ ኣንጺፉ ኣሎ። ናይ ኢጣልያ ዋኒን ስርሓት ኣብ ቀዳማይ እግሩ እዩ ምስ ኤርትራ ተሰማሚዐ። ብወገን ኤምባሲና ተወሲኸቲ ኢጣልያውያን በጺሖቲ ክመጽኡ ድሌትና እዩ። እንተኾነ፡ ከምዚ ኩልና ንርእዮ ዘሎና ዓለማዊ ኩነታት ነውጺ በዚሕዎ ኣሎ። ኩነታት ፍልስጤምን ዩክሬንን ንገለ ዘወጠንናዮ መደባት ኣሰናኺልዎ'ዩ። ንኣብነት፡ ሚኒስተር ምኽልኻል ኢጣልያ ናብ ኤርትራ ክበጽሕ መደብ ሰሪዑ ነይሩ። እንተኾነ ብሰንኪ እቲ ዘሎ ህጹጽ ዓለማዊ ምዕባሌታት ክመጽእ ኣይከኣለን። እዚ ብደሆታት'ዚ ብዘየገድስ ግና ኣነ ኣመና ትስፉው'የ ዘለኹ። ዝመጽእ ዓመት ብዙሕ ዑደት ንምኽያድ ዕድላት ክኽፈተልና እትስፎ። እቲ ዝገበር ምብጻሕ ድማ ንዝሰፍሐ ምትሕብባር ኣብ ዓበይቲ ቁጠባዊ ሰክተራት መገዲ ከምዝጸርግ ርግጸኛ እየ።

***• ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ንምርግጋጽ እትካየዶ ጻዕሪ ብኸመይ ኢጣልያ ከመይ ይርኣ? ኢጣልያ ብወገና ነዚ ጻዕሪ'ዚ ንምድጋፍ እንታይ ተራ ትጻወት?***

ሓደ ኣምባሳደር ስራሑ ምስ ዛዘመ፡ ጸብጻቡ ናብ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢጣልያ ከረክብ ንብር'ዩ። ደሮ ጸብጻብየ ኣዳልየ ኣብጺሐ ኣለኹ። ቀንዲ ትሕዝቶኡ፡ ኤርትራ ፍሉይ ርግኣት ዘለዋ ሃገር ምዃና ዘኩልሕ'ዩ። ኤርትራ፡ ውሑስ ዶብ ዘለዋ፡ ካብ ግጭት ናጻ ዝኾነት ሃገር'ያ። እዚ ርግኣት'ዚ ከኣ ብፖለቲካውን ቁጠባውን ኣመለኻኽታ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ብቑጠባዊ መዳይ፡ ርግኣት ሓንቲ ሃገር ኣብ ምስሓብ ኣወፈርቲ ኣገዳሲ'ዩ። ኣወፈርቲ፡ ናዕቢ፡ ግጭት ወይ ሽበራ ዘለዋ ሃገር ኣይመርጹን እዮም። ኤርትራ ኣብ ወሸጣ ሰላም ኣውሒሳ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ርግኣት ንኸሰፍን ዓቢ ተራ ትጻወት ዘላ ሃገር እያ። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሶማል ዋላውን ኬንያ ምስ ዘሎ ኩነታት ብምንጽጻር ኤርትራ ትእምርቲ ርግኣት ኮይና ጸብለል ዝበለት ሃገር እያ። ኤርትራ ርግኣታ ከተረጋግጽ ዘኽኣላ ብቐንዱ ጽንዓታ እዩ። “ሴሜሮ ናይ ጽንዓት” ክበሃል እኽእል። ዓሚቕ መረዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዳይናሚካዊ ምዕባሌታት ናይዚ ዞባ'ዚ ድማ ንወሳኒ ተራ ኤርትራ ዝደርዐ'ዩ። ኣነ ምስ ኣመለኻኽታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣዝዩ እሰማማዕ'የ። ጉዳማዊ ምትእትታው ቀንዲ ጠንቂ ዘይርጉእነትን ግጭትን'ዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ጂኦስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ፡ 1200 ኪሎሜትር ዝንውሓቱ ገማግም ባሕራን ሃብታም ባሕርያዊ ጸጋታታን ንኣገዳስነታ ዘኩልሕ እዩ። በዚ ድማ ብመንጽር ዲፕሎማሲ፡ ምስ ኤርትራ ምሕዛት ምፍጣር ቀዳምነት ምዃኑ ባህርያዊ እዩ። ምኽንያቱ ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ቀላሲ ተራ እዩ ዘለዋ። ዋላ'ኳ ገለ ምምሕያሽ ዘድልዮ መዳያት ከምዘሎ ዝርኣዩ እንተሎ፡ ብዲፕሎማስያውን ዓይኒ ክርእዮ ከለኹ፡ ኤርትራ ብምዕራባውያን ሃገራት ዝዓለየ ተቐባልነት ክትረክብ ዝግብኣ ሃገር'ያ። ኢጣልያ ከኣ ምስ ምዕራብ ዝገበር ጸምዶ ኣብ ምትብባዕ ተራኣ ክትጻወት ኣለዋ ጥራይ ዘይኮነ ይግብኣ እውን እዩ።

***• ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት፡ ብፍላይ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ሕቡራት ሃገራትን ኢጣልያ ብኸመይ ምስ ኤርትራ ክትሰርሕ ትኽእል?***

ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ኢጣልያ ምስ ኤርትራ ብዘለዋ ፍሉይ ዝምድና ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብጽንዕ እያ እትድግፋ። ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ብዝዕበ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተጻዕ እገዳ ዘተ ተኻይዱ ምንባሩ እዝከር። ኢጣልያ፡ ሓንቲ ካብተን ውሑዳት ነቲ እገዳ ኣጽኒዐን ዝተቓወማ ሃገራት'ያ። ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ብፍላይ ከኣ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለ ሃገራት ዝገበር እገዳ ኣድላይነት ዘይብሉን ዘይወጽኢታውን ምዃኑ'ያ መጉታ። ኣማኢያኦ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኑቲ እገዳ ኣልዒሉዎ። ብወገና እገዳ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳያት ዘፍርዮ የብሉን በሃልቲ ኢና። ምናልባት ኣብ ገለ እዋን ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል። እንተኾነ ከም ናይ መጨረሻታ ኣማራጺ ኢና እንወስዶ።

ኣብ ጸብጻበይ፡ ኤርትራ መርትዖ ብዘይብሉ ክሰታት'ያ ተኣጊዳ ብምባል ብተደጋጋሚ ገሊጸ'የ። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ገለ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ መሬት ናይ ኤርትራ ምዃኑ ይፈልጥ ነይሩ'ዩ። ዋላ'ኳ ገለ ኣባላት ሃገራት ኤውሮጳ ኣይቀበልኦ፡ ኢጣልያ፡ ምስ ኤርትራ እወታዊ ጸምዶ ክህሉ እዩ ድሌታ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሎ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ኣርሒቕካ ዘይምሕሳብ፡ ኑቲ ኤርትራ ዘለዋ ኣመለኻኽታን ዓቕምን ዘይምፍላጥ'ዩ በዝላይ እዩ።

ፖለቲካዊ ርግእነት ኤርትራ ኣብ ቦታኡ እንክሎ፡ ኤርትራ ኣብ ጸላት ኑዳድን ጸዓትን ዘለዋ ዓቕሚ ቀሊል ኣይኮነን። ስለምንታይ ኣብዚ ዘይነወፍር ዝብል ሕቶ እውን ይለዓል እዩ። ስለዚ ክልቲኦም ወገናት ምትሕብባር ንምዕዛዝ ተበግሶ ክወስዱ የድሊ። ግደ ሓቂ ኢጣልያውን ኣወፈርቲ ልዑል ድሌት ኣለዎም። እንተኾነ ውሑስ ሕጋዊ ባይታ ይደልዩ እዮም። ስለዚ፡ ምድላው ሓደ ሕጋዊ መቓን ክቀላጠፍ ዘለዎ ስጉምቲ'ዩ።

***• ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸናሕካሉ እዋን ምስ ህዝብን ባህልን ኤርትራ ዘሕለፍካዮ ውልቃዊ ተመኩሮ ከመይ ይመስል? ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዘሎካ መረዳእታ ብኸመይ ጸልዩ?***


እዚአ ንኣይ ኣዝዩ ኣገዳሲት ሕቶ እያ። ብቛንቋ ዲፕሎማሲ፡ እዚ ሓዚዮ ዝጸናሕኩ ሓላፍነት ከም ብርቱዕ ዕዮ እዩ ዝቖጸር። ዝኾነ ዲፕሎማሲኛ ድሕሪ ክልተ ዓመት ምስርሑ፡ ናብ ዓዱ ክምለስ ወይ ናብ ካልእ ሃገር ክሰጋገር ይፍቀደሉ እዩ። ፈለማ ኣብዚ እግረይ ኣብ ዘንበርኩሉ፡ ብኩነታት ብዓልቲ ቤተይ ክሻቐል ጀሚረ ነይረ። ኣነ ኣብ ስራሐይ ኣብ ዘድህበሉ ዝነበርኩ እዋን፡ ንኣኣ ንበይና ሓዲገያ ይኸይድ ነይረ። ደሓር፡ ሓደ ፍሉይ ነገር ተኸሲቱ። ፍቕሪ ዓንበበ። ‘ፍቕሪ’ ትብል ቃል ከነ ኣለ'የ ተጠቒመላ፡ ምኽንያቱ፡ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ፍቕሪ ኢና ወዲቕና። ህይወት ኣብ ኤርትራ ቀሊልን ጥዑምን'ዩ። ብደሆታት ኣይብረን ማለት ኣይኮነን። ብዙይ ቃልዓለም ዝተኻእፈና ነገር ግን ኣሎ። ንሱ ድማ ኣብቲ ዝጸንሕ እዋን ከይተረፈ፡ ኣብ ገጽ እዚ ህዝቢ እንርእዮ ዝነበርና ፍሽኽታን ፍሱህ ልብን እዩ። ሕጂ ንሃገርና ክንምለስ ኣብ እንዳለወሉ ዘሎና እዋን፡ እቲ ኣብ ሰልጡን ዓለም ዘሎ ህወጽን ጸቕጢ ዝጠዜሓን ናብራ ዳግም ክንጽገበሮ ከለና፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሕለፍናዮ፡ ብዋጋ ዘይትመን መንፈሳዊ ዕረፍቲ፡ ፍሕሽው ኣቀባብላን ፈኪስን ጥዑምን ኣካብራን ብሓቂ ክንናፍቖ ኢና። እቶም ኣብዚ ዘጥረናዮም ኣዕሩኽ ናብ ኢጣልያ ኣብ ዝመጽኡሉ እዋን ከምቲ ዝተቐበሉና ጊይርና ክንቕበሎም ድማ ድሉዋት ኢና። ንሕና እውን ቴራሰት ኴንና፡ ኑቲ ካብ ባሕሪ ናብ ኣኽራን ዝዘርጋሕ መልክዕ ምድሪ ኤርትራ፡ ጥዑም ኣየርን ሕማም ዘይብሉ ቦታን ተመሊስና ክንርእዮ ተሰፋ ንገብር። እዛ ሃገር'ዚአ ብሓቂ ፍልይቲ'ያ። ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዘሎና ኣድናቖት፡ እቲ ብብዙሕ መዳያት ምስ ኢጣልያዊ ባህሊ ዝሰነ ባህሉን ልምዱን ካብ ልብና ዘይሕከኽ ዝኽሪ'ዩ።

***• ስራሕካ ኣብ እትዛዝመሉ ዘለኻ እዋን፡ ተሰፋኻ ኣብ መጻኢ ዝምድና ኤርትራን ኢጣልያን እንታይ'ዩ? ነዚ ዝምድና'ዚ ንምሕያል ክትክእካ ንዝመጽእ ዘሎ ኣምባሳደር እንታይ ምኽሪ ትህቦ?***

ብዛዕባ መጻኢ ዝምድና ኢጣልያን ኤርትራን ኣዝየ ትስፉው'የ። ምስ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጸምዶ ምጽናሐይ ከኣ ንጉበሰይ ከም ዕድለኛ'የ ዝቖጽሮ። መልእኽተይ ንጹር ክህሉ ተሰፋ እገብር። ኣብ ልቦና ዘርኢ ክትዘርእ ምኽኣል ኣገዳሲ'ዩ። ፍረኡ ከኣ ግዜኡ ሓልዩ ክመጽእ'ዩ። ዋላ'ውን ድሕሪ ምኻደይ፡ ከም ርእይቶይ፡ 2025 ኣብ ዝምድና ኤርትራን ኢጣልያን ነጥበ-መቐይሮ ክትከውን'ያ። መጻኢ ሰራሕ ኣብ ኢድ ካልኣይ ጸሓፊ ሚስተር ፓውሎ ዛምፔላ እዩ ዘሎ። ንግዜኡ ንሱ ንኣይ ተኪኡ ክሰርሕ ክጸንሕ እዩ። ኣብዚ ክልተ ዓመት ተቐሚጡ ኣሎ። በሊሕ መንእሰይ ዲፕሎማሲኛ'ዩ። ንባህልን ስምዒታትን ካብ ልቡ ይድግፎ'ዩ። ምስ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክሰርሕ ከኣ ውፉይ'ዩ። ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክልተኣዊ ዝምድናና ኣጸቢቑ ክዓዝዘዩ ዝበለ ሓያል እምነት ኣለኒ።

***• ክቡር ኣምባሳደር ኣብ መወዳእታ ብወገንካ ክትብሎ ትደሊ እንታይ ዕድል ክህበካ?***

ካብ ልቢ ዝመንጨወ መልእኽተይ፡ ኑቲ ኣብዚ ዝሕለፍክዎ ዓመታት ዝረኸብክዎ ዓሚቕን ብዋጋ ዘይትመንን ተመክሮታት ምምስጋን'ዩ። ብዓልቲ ቤተይን ኣነን ካብ ኤርትራ ምፍላይ ኣመና ከቢዱና'ዩ ዘሎ። እንተኾነ፡ ኣብ ልብና ዘይጸንፍ ዝኽርን ምሕዝነትን ጸይርና ኢና ንኸይድ ዘለና። ምስዚ ዝተላለናዮ ዝድነቕ ክቡር ህዝቢ ዳግማይ ክንራኸብ ከም በጺሕቲ ኴንና ክንምለሶ ተስፋ ንገብር።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)


# ትምህርቲ ብዓል ዛንታ

“ከመይ ውዒልኩም ኣቦይ ፍቓዱ፣” ኢሉ ተዛረበ ተመስገን ናብታ ናይ ኣቦይ ጕራሕ ድኳን ምስ ኣተወ። እታ ድኳን ዝተጨፋለቐ ኮሚደረ ስለ ዝነበራ፡ እትው ምስ በልካ ዝቐበለካ እቲ ጨና ናይቲ ዝመሽመሸ ኮሚደረ’ዩ። ተመስገን’ውን፡ ነቲ ዝሸትት ዝነበረ ሽታ እናሸተተ ናብ’ታ ሚዛን ዝነበረታ ጣውላ ተጸገዐ።

“እግዚኣብሄር ይመስገን ተመስገን ወደይ እንታይ ክሰምዓካ፣” ሓተቱ ኣዒንቶም በታ ኣብ ኣፍንጭኦም ዝነበረት ዓባይ መነጸር ኣሕሊፎም እናጠመቱ። ወዲ ሰብዓ ዓመት ኣቦይ ፍቓዱ ናይ ምርኣይ ጸገም ስለዘለዎም፡ መነጸር ዓይኒ ኣይፈልዩን’ዮም። ገጾም’ውን ምልክት እርጋን ዕጥርጥር ዝበለ’ዩ። ጸጕሪ ርእሶም ምሉእ ኮይኑ፡ ሕብሩ ናብ ጻዕዳ ዝተለወጠ’ዩ። ክቖጽራ ዝኽእላ ጸለምቲ ጸጕሪ ርእሲ ግን ኣለዋኦም። ኣብቲ ገዛውቲ ብ ‘ኣቦይ ጕራሕ’ እዮም ዝፍለጡ።

ኣቦይ ጕራሕ ሕዉስን ምቕሉልን ኣቦ እዮም። ስለዝኾነ ድማ፡ ኵሉ እቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ተቐማጢ ይፈትዎም። ዕላሎም ዝመንዎ ወዲ’ቲ ገዛውቲ የለን። በቲ ዝፍጽምዎ ተግባራት ዘይግረም ሰብ የለን። ተዋዛያይ ስለዝኾኑ ድማ፡ ብዙሓት ዓማዊል ኣለውዎም። ሓቂ ድማ፡ መካይድቶም እያ።

“ኪሎ ሽጉርቲ ደልየ ነይረ። ንኪሎ ሽጉርቲ ክንደይ’ዩ፣” ሓተተ ተመስገን ናብቲ ኣብቲ ድኳን ዝነበረ ዝሸየጥ ነገራት እናኣቋመተ። እታ ድኳን ጽፍፍቲ’ኳ እንተ ዘይኮነት ዝሰኣና ግን የለን። ኣብ ናሕሳ ድማ ዓለባ ሳሬት ኣለዋ።



“ሓሙሽተ ናቕፋ! ክንደይ ክመዝነልካ ዘወደይ፣” ተዛረቡ ናይ ኪሎ ሚዛን እናልዓሉ።

ተመስገን፡ “ሓደ ኪሎ ምዝኑለይ፡” ነታ ዳርጋ ፍርቂ ገጾም ሽፊና ዝነበረት መነጸር እናጠመተ ዝደለዮ ብዝሒ ኪሎ ሓበሮም። እታ መነጸር ብገመድን ችረቶን ዝተደጋገፈት ስለ ዝኾነት፡ ንኽትርእያ መሳጢት ኣይኮነትን። ተመስገን በታ መነጸሮም ኵሉ ግዜ ምስ ተገረመ’ዩ። በቲ ዘለዋ ግዝፊ ድማ፡ ‘ናይ ገጽ ዳቢስታ’ዮም፡’ ዝብልዋ ደቂ’ቲ ገዛውቲ።

“ሕራይ ዝወደይ፡” ኢሎም ነታ ናይ ኪሎ ሚዛን ኣብ’ቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝነበረ ናይ ሚዛን መቐበሊ ሸሓኒ ኣንበሩዋ። ካብቲ ኣብ ካሴታ ዝነበረ ሽጉርቲ መሪጾም ምስ መዘኑ፡ ናብታ ሒዝዋ ዝነበረ ሳኬት ኣእተዉሉ።

“እንኩም በሉ ሓምሳ ናቕፉ’ያ፡” ኢዱ ሰዲዱ ሓምሳ ናቕፋ ኣቐበሎም። ኣቦይ ጕራሕ፡ ነታ ዝተቐበልዋ ሓምሳ ናቕፋ ኣብ መቐመጢ ገንዘብ ኣእትዮም፡ ማልስ ክህብዎ ክፈቕዱ ጀመሩ። ቆጺሮም ምስ ወድኡ ድማ፡

“እንካ በል ማልስካ ዘወደይ ቁጸረን ድማ፡” ማልስ ኣቐበልዎ።

ተመስገን ነተን ዝተቐበለን ገንዘብ ኣብ ቅድሚኦም ቆጸረን። ቆጺሩ ምስ ወደአ ድማ፡ “ልክዕ ኣሎዋ፡” ኢሉ ብኽልጡፍ ካብቲ ድኳን ክወጽእ ተሃወኸ።

“ደጊምካ ቍጸረን ዘወደይ፡ ‘ቆጺሩ ዘይቅበል መታለሊ፡ ቆጺሩ ዘይህብ መታለሊ፡’ ከም ዝበሃል ትፈልጥዶ?” ተዛረቡ በተን ዝተጓህመማ ኣስናኖም ፍሽኽታ ኣሰንዮም።

“እወ እፈልጥ!” ብታህዋኽ መለሰ። እንደገና ነተን ዝተዋህበኦ ገንዘብ ቆጺሩ፡ “ጽቡቕ ኣለኹም፡” ኢሉ ብጕያ ካብቲ ድኳን ወጽአ። ልቡ ማንታ ማንታ ሃረመት። ኣቦይ ፍቓዱ፡ ማልስ ወሲኾም ስለ ዝሃብዎ ተሓጕሱ ነበረ።

“ኣየ ኣቦይ ጕራሕ ሎምስ ተረኺብኩም…፡” ካብቲ ድኳን ምስ ረሓቐ ጠጠው በለ። ነታ ሽጉርቲ ዝሓዘት ሳኬት ኣብ ጸጋማይ ትሽቱሹ ቀርቂሩ፡ ነተን ገንዘብ ክቖጽረን ጀመረ።

ይቕጽል…

# ርሑስ ሓድሽ ዓመት - 2025

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2025 ንዓኹምን ንስድራኹምን ንብል። ዓመተ ሰላምን ፍቕሪን ክኾነልኩም ንምነ!

ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ተመሃሮ፡ ወለዲ፡ ሰራሕተኛታት… ብዙሕ መብጽዓታት ይኣትዉ እዮም። መብጽዓ ምእታው ድማ ጽቡቕ ፋል እዩ። ገለ ካብቲ ብተመሃሮ ዝእተዉ መብጽዓታት፡ ‘ኣብ ሓድሽ ዓመት ትምህርተይ ብግቡእ ከክተታተል እየ፡ ግዜይ ከመሓድር እየ፡ ጸወታ ከውሕድ እየ፡ ቀዳማይ ተርታ ክወጽእ እየ፡’ ዝብሉ እዮም። እዚ ድማ ጽቡቕ ነገር እዩ። እንተኾነ እቲ ዝኣትውዎ መብጽዓ ነዊሕ ከይከደ የቋርጽዎ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ነቲ መደብ ካብ ልቦም ዘይነቐለ ስለዝኾነ እዩ። ኩሉ ግዜ እንገብሮም ነገራት ካብ ልብና ዝኣመንናሉ ክኸውን ኣለዎም። ሰባት ገይሮሞ ኢልና ክንገብር የብልናን። ተወሳኺ ክትግበር ዘይከኣል ልዕሊ ዓቕምና ዝኾነ መደብ ከነውጽእ ኣይግባእን።

እምበኣር ፍቱዋት ተመሃሮ ኣብ ሓድሽ ዓመት ክትግበሩ ካብ ዘለዎም ገለ ንምጥቃስ፡

= **ይቕረ ምብሃል፣** ምስ ኣሕዋትና፡ ደቂ ገዛውትና፡ መማህርትና ክንቀያየም ንኽእል ኢና። እንተኾነ ግን ኣብ ቂምታ ክንነብር የብልናን። ስለዝኾነ ዘቐየመኩም ወይ ዝበደልኩሞ እንተሎ ‘ይቕረ’ በሉ። እዛ እትመጽእ ዘላ ሓዳስ ዓመት ጽልኢ፡ ቂምታ ሒዝና ኣይንቀበላ። ካብ ጽልእን ቂምታን ዝርከብ መኽሰብ የለን።


= **ዝነበረና ሕማቕ ልምዲ ነቋርጽ፣** ብዙሕ ግዜ ኣብ ተመሃሮ ዝርኣዩ ሕማቕ ልምድታት ኣለዉ። ንኣብነት፡ ስርቂ፡ ካብ ትምህርቲ ምብኳር፡ ሓሶት፡ ባእሲ፡ ንዓበይቲ ምድፋር . . . እዞም ልምድታት እዚኣቶም ካብ ሰባት ከምእንንጸልን ብሰባት ጽሉኣት ከም እንኸውንን ዝገብሩና እዮም። ስለዚ፡ ኣብዛ እንቕበላ ዘለና ሓዳስ ዓመት ከነቋርጾም ምስ ነብስና ቃል ንእቶ።

= **ብመደብ ምምራሕ፣** ዕዉታት ተመሃሮ እቶም ብመደብ ዝጐዓዙ እዮም። ዕዉታት ብኸንቱ እትባኸን ሓንቲ ደቒቕ’ዉን የብሎምን። ስለዝኾነ እቶም ብመደብ ዘይትጐዓዙ ዝነበርኩም ኣብዛ እትመጽእ ሓዳስ ዓመት ብመደብ ተመሪሕኩም ንክትጐዓዙ ውጥን ኣውጽኡ። ግዜ ዘይምለስ ሃብትና ስለዝኾነ ብግቡእ ተጠቐምሉ። ንሎሚ ብዝግባእ ንንበራ። እዛ እንነብራ ዘለና መዓልቲ እታ ዝኸበረት ግዜ ምዃና ኣይንዘንግዕ።

= **መብጽዓና ንሓሉ፣** ኩሉ እንገብሮ መደባት ከነተግብሮ ክንጽዕር ኣለና። ኣብ መጀመርታ ይኸብደና ይኸውን እዩ። ምስ ግዜ ግን ከሐጕሰና ስለዝኽእል መብጽዓና ንሓሉ። ዘይነተግብሮ ኣይንዛረበሉ።

ኣብዛ እትመጽእ ዘላ ዓመት ካብ’ዛ እንዛዝማ ዘለና ዓመት ንላዕሊ ዕዉታት ክትኮኑ ባህግና እዩ።

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2025!



## ንኣፍልጦ

* ዋይዳ፡ ብካይላ ወይ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐ ከቢብ ዝቕርጹ መሰጥሒ ጎጎ።

* ገብኢ፡ ካብ 40-60 ሊትሮ ስዋ ክሕዝ ዝኽእል ክልተ ዘእዛኑ ዓቢ ዕትሮ።

* ሒላብ፡ ብዕንጨይቲ ወይ ካይላ ዝተሰርሐ ጻሕሊ ዝመስል መብልዒ ፍትፍት፡ ገዓት፡ ጥጥቕ ወዘተ።

* ጢናና፡ ንእሽቶ ናይ ጨው በርበረ መቐመጢ ቊራዕ።

ምንጪ፡ መጽሓፍ ስርዓት ደምበዛን

## ካርቱን

ዕላል ኣሌክ ምስ ሩት




## ሓበሬታ

ዝተፈተኹም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ተሳተፍቲ ውድድር ስእልን ግጥምን፣ ናይ መዕጸዊ ጽምብል ዝመጽእ ቀዳም ክንሕብር ስለዝኹንና ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተኸታተሉ።
እቶም ናይ ግጥሚ ተወዳደርቲ፡ ንሰንበት ዕለት 29-12-2024 ሰዓት 9፡00 ኣብ ‘ቤት ትምህርቲ ተኽሊ’ ጥቓ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክትርከቡ ንሕብር። ኣብዛ መዓልቲ ዘይተረኽበ ካብ ውድድር ግጥሚ ክእለ ምዃኑ ንሕብር።
ንመጽሓፊ ዝኸውን ርሳስ ወይ ቢሮ ተማልኡ። ንዝያዳ ሓበሬታ 07190414 ክትውከሱ ትኽእሉ። ግዜ ይከበር!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኣሚራ ኣሕመድ ኣድሪስ፡ ተኸሳሲ ፋኣድ መ/ድ ሸፉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጃሊያ የውሃንስ ዑቕባይ፡ ናይ ኣደይ ስም ኣቡኣን ኣቦሓጎኣን ሳራ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ሳራ ዑመር ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡

ቤትኤል ክብሮም ምባል ተሪፉ፡ ቤተልሄም ክብሮም ወልደገዮርገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ሳምሶም እያሱ ገብረሩፋኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ ነፍ ንግስቲ ስብሃቱ ገለን ዘሎ 1. ኢያርሳሌም ተስፋማርያም ክፍለ +6 ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ ብፍ/ሰ/ዕዳ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ 1. ወ/ሮ ልኡል ተስፋማርያም ክፍለ 2. ወ/ሮ ሂወት ተስፋማርያም ክፍለ 3. ኣቶ ተኽለ ተስፋማርያም ክፍለ 4. ኣቶ ኣማኑኤል ተስፋማርያም ክፍለ 5. ወረ/ነፍ ምጽኣል ተስፋማርያም ክፍለ ብጋዜጣ ተጸዊዖም ን15/01/25 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ/37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ብፍ/በ/ዕዳ በየነ ኣፈወርቂ ሃብቱ፡ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነፍ ኣፍወርቂ ሃብተ ዑቕቡ፡ ነፍ/ሄር ሰለሚ ገብረማርያም ወ/ሮ ተኽኣ ሃይለ ኣፍወርቂ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሊኺ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/02/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ሄርሞን ተወልደመድህን ሰመረ፡ ብዋል ቤተይ ተስፋጊበርኤል ክብሮም ዑቕባሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልጋነሽ ገብረኣብ ትኩእ፡ ተኸሰስቲ ንግዳዊ ትካል ሊያ ኢንተርፕራይዝ ወናኒ ነፍ/ምሕረትኣብ ገብረእግዚኣብሄር ዘሎ ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ተኸሰስቲ 1.በ/ቤቱ ወ/ሮ ኣበባ ዑቕባሚካኤል 2. ሰምሃር ምሕረትኣብ 3. ሚካኤል ምሕረትኣብ 4. ሊያ ምሕረትኣብ 5. ዳናይት ምሕረትኣብ 6. ኢሳቕ ምሕረትኣብ 7. ዳኒኤል ምሕረትኣብ 8. ደርጓቤት ምሕረትኣብ 9. ገኑት ምሕረትኣብ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ/37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ግርማይ ዙርያስ ዘርኡ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ/ራት ለገሰ ገረመ ቃልሩፋኤል 1. ወይ/ፍሎርያና ፋኒሎ 2. ወይ/ከሊልያ ፋኒሎ 3. ኣቶ ኣልዶ ፋኒሎ፡ ብመሰረት ዝፈጸምናዮ ውዕል መሸጣ ናይ ንግዲ ትካል፡ ዋንነቱ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክፍጸሙ ክውሰነለይ ኢሉ ክሲ ስለ ዘቕረበ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ትዕግስቲ መብራህቱ ተኽልኣብን ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኤልሳ መብራህቱ ተኽልኣብ፡ ኣቶ ሓደሽ መብራህቱ ተኽልኣብ፡ ወ/ሮ ሰላማዊት መብራህቱ ተኽልኣብ፡ ኣቶ እዮብ መብራህቱ ተኽልኣብ፡ ወ/ሮ ኤደን መብራህቱ ተኽልኣብን ኣብ ቤ/ፍ ጉዳይ ከም ዘለኩም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኤልሳ መብራህቱ ተኽልኣብ፡ ኣቶ ሓደሽ መብራህቱ ተኽለኣብ፡ ኣቶ እዮብ መብራህቱ ተኽለኣብ ወ/ሮ ኤደን መብራህቱ ተኽለኣብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ዓደኒ ለገሰ ተሰሙ፡ ወደይ ናትናኤል ግርማይ ተስፋጋብር ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ወ/ሮ ሰምሃር ዳዊት ሓጎስ፡ ኣቦይ ዳዊት ሓጎስ ጎሎም ስለዝዋረረ፡ ኣደይ ርብቃ ዘርኣ ወልዱ ናይ መጸምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት ካሕሳይ ተስፋዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣበሰረ ተኪአ ከበደ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ከበደሽ ተስፋጊበርኤል ካሕሳይ፡ ብዋል ቤተይ ጠዓመ ዓንደብርሃን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ኣቶ ዘርኣይ ገብረገዮርጊስ በርሀ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ናትናኤል ዓንደብርሃን፡ ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ወይኒ ገብረሂወት ወልደሚካኤል፡ ኣቦይ ኣቶ ገብረሂወት ወልደሚካኤል ሳህለኣብ ስለዝዋረረ፡ ንብዓልቲ ቤቱ መድህን ከሮስ ናይ መጸምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ከኣ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ኣብርሃም ወልደገርጊስ ተማኖ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣለም ገብረሂወት ኣርኣያ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስቲያን

ከሳሲት ወ/ሮ መኣዛ በላይ ጠዓመ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሴፍ መንግስትኣብ ንጉሰ፡ ናይ ህጻን ናእሚ የሴፍ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ብመንገዲ ወለዱ፡ ት/ዕ ኣሲዩብ ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ኣሲያም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ሰምሃር ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ሰምሃር ተስፋይ ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

መርሃዊት ተኽለ ኪዳ፡ ብዋል ቤተይ ቴድሮስ ገብርኣብ ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ወላዲቱ ወዛነ ምባል ተሪፉ፡ ረዛነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጸገሬዳ ፍስሃ ተወልዱ፡ ሰበኣይ ሓፍተይ ምትኩ ድጋፌ ሓኪም ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልን16/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ጉዕሽ ደባስ፡ ነ/ፍ ብዓልቲ ቤተይ ንወድና ዑቕባዝጊ ጉዕሽ ብስበዋ ዝሑብናዮ ገዛ ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሉችያ ርስቱ ተኽለማርያም፡ ብዋል ቤተይ የሴፍ ሩፋኤል ወልደሚካኤል ስለዝተሰውኣ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 7 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ኣብርሄጼን ገብረመድህን ለሙ፡ ወኪል ሳምሶም ኣንገሶም፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን1 ብስም ወ/ሮ ሂወት ቀሓቲ ጸደዋ ዝፍለጥ እንዳጠሓሂት ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 5 ፒያሳ ዝርከብ ገዛ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለዘበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ እድሪስ ዑስማን ኢብራሂም፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሳዕድያ መሓመድ ሰዒድ፡ ንዓኽን ዝምልከት ስም ምትሕልላፍ ናይ ሰሸል ጉዳይ ስለ ዘለክን፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዮርዳኖስ ዘርኣይ ሃብተማርያ ምባል ተሪፉ፡ ዮርዳኖስ ዘርኣይ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ያሲሚን ሳልሕ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣፍራሕ ሳልሕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ሬድዋን ሳልሕ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ዓድል ሳልሕ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

የዲት ንጉሰ ገብረታትዮስ፡ ኣደይ ሉታይ ተስፋገርጊሽ ወልደገብርኤል ስለ ዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡

ከሳሲ ሓመድ ሰለማን ሓመድ፡ ተኸሳሲ ናትናኤል ተወልደ ዑቕባይ፡ ናይ ሰሸል ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡

ኣቶ ባህታ ተኽለይ ገብረመስቀል፡ ስም ኣደይ ኣቦት ዓንደጼን ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ሂወት ዓንደጼን ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ኣቶ ሓምድ ሰዒድ መሓመድ ጸዕዳ ምባል ተሪፉ፡ ሓምድ መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ብበ/መሰል ኣቶ ኣደም ዓብዱረዛቕ መሓመድ፡ ብበ/ዕዳ ኣቶ ጸሃዩ ተኽሊት ነጋሲ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ዳግማዊ እስቲፋኖስ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ዳግማዊ ኪሬሪ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ንግስቲ ተኽለኣብ ኣስፍሃ፡ ብዋል ቤተይ ተኽለሃይማኖት ዞሚኪኤል ገብረሂወት ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ሜላት መርሃዊ ኪዳ ምባል ተሪፉ፡ ሜላት መርሃዊ ነማርያም፡ ስም ኣደይ ከኣ ኤልሳ ኪዳማርያም ኪዳ ምባል ተሪፉ፡ ኤልሳ ተስፋማርያም ዘርኣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ.ገዛ 53 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00007186 ናይ ድኳን ትካለይ ንወ/ሮ ሩታ ማስፍን ፍረ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 743-2 ቁ.ገዛ 52 ብዕለት 06/05/2024 ቁ.መዝ 106/2024 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወዛቢ ዝኾፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሓለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ትዕበ ተወልደ እንግዳ

---

ወ/ሮ ኣስቴር ዓይላይ ተስፋይ፡ ብስም ኣዴና ነፍ/ሰበ ጊላይ ዑቕባዝጊ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ጎደና 686 ቁ/ገዛ 53 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ም/ወረቐት 101927 ብመ/ቁ 122537/122536 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ናብ ስምና ወራሲ ነፍ/ኣዝራ ካሕሳይ ጎጆ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣስቴር ዓይላይ ተስፋይ

---

ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ቲራቮሎ፡ ጎደና ደርዓ ዚፕ 1A746፡ ፕሎት 32፡ ፓርሰል E መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM04302/0 ብስም ብዓል ቤተይ ኣቶ ፍስሃየ ሃብተ ገብረማርያምን ብስመይን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ኦርጂናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07808149 ክሕብረኒ፡ እንተዘየሎ ከኣ ካልእ መተካእታ ኦርጂናል ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሃይማኖት ተኽለማርያም ተስፋዝጊ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መኣዛ ሃይሉ ሓትጎይ ነፍ/ሰ/ሃይቱ ገዘህኔይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 3 ደቂ ኣነይን ወራስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ1ይ መጋብኢያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ጉብርኤል ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ጉብሩ ብርሃ ጉብረገርግስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወራስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ወይ/ጸገወይኒ ተኽለ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ጉብረሚካኤል ሃብተ ተወልደ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወራስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ፋሃይሰል ዓምር እድሪስ ምግል ተረፉ፡ ሙሳ ዓምር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ኢሳቕ ሃይለ ወልደኣብዝጊ፡ ሓወይ ኣስመላሽ ሃይለ ወልደኣብዝጊ ስለዝተሰውአ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሚዛን ሃይለ ጸጉ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ኣብርሃም ጉብረስላሴ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ድማ ወራስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ጸጋ ኣረፋይነ ጀዋሂ ምግል ተረፉ፡ ጸጋ ኣረፋይነ ጉብረየሱስ ወልደርፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡- ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ፡ እንቋቕሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ጸባ ከብቲ፡ ፅንጹይቲ፡

ኣሃዱ፡- ሆስፒታል ዓዲ ኳላን ኮማዊ ሆስፒታል ኣውሓን፡

ኣርእስቲ ውዕል፡- ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ዓይነት ጨረታ፡- ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ንዓመተ 2025 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2025 ዓ/ም ንሆስፒታል ዓዲ ኳላን ኮማዊ ሆስፒታል ኣውሓን ንሕሙማት ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማልአት ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም፡፡

ተማልእቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፡

1) ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረተትን፡ ስጋ፡ እንቋቕሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ጸባ ከብቲ፡ ፅንጹይቲ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም፡

2) ተማልእቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2023 ናጻ ካብ ዕዳ ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር መንነትን ቅብሊት ናይ ፕሮፎርማ ዝኸፈሉሉ የቕርቡ፡

3) ብቑዓት ተማልእቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይኽእሉ፡

4) ጨረታ ኣብ ታሕቲ ብዝሎ ኣድራሻ ዕለት 30/12/2024 ሰዓት 09:45 ቅ.ቀ፡፡ ክበጽሕ ይግባእ፡ ጨረታ፣ ተማልእቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣድራሻ ቤ/ጽ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ መንደፈራ ዕለት 30/12/2024 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡

5) መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ነፍሲ ወከፍ 50.000.00 ናቕፋ፡ ንእንቋቕሖ፡ ዝተቓመመ በርበረ ነፍሲ ወከፍ 30.000.00 ናቕፋ፡ ጸባ ከብቲ 20.000.0 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡

6) ተማልኡ ኑቲ ዝተዓወተሉ ዓይነት መግቢ ብናቱ መጓዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ትካል ጥዕና የብጽሕ፡

7) ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሓበሬታ፡

1. መወዳደሪ ቅጥዒ ጨረታ (ፕሮፎርማ/ proforma) 2025 ካብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ቁጽሪ 20 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱ ይኽእሉ፡

2. ተማልእቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡

2.1 ካብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ቁጽሪ 21 (611953)፡

2.2 ካብ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ቁጽሪ 12) 611130) ክወስዱ ይኽእሉ፡

2.3 ሓበሬታ ብኣካል ይኹን ብቴሌፎን ምውካስ ይከኣል፡

3. ኣቓዲሙ ኣብ ሆስፒታል ዓዲኳላ ተኻዪዱ ዝነበረ ጨረታ ብምሉኡ ተሰሪዙ ኣሎ፡፡


---

ወካሊ ኣቶ በረኸ ፈክሩ፡ ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪቡ ብዕለት 5/8/08 ብቁ.መዝ/1818/2008 ኑቲ ካብ ኣዴኡ ወ/ሮ በየሸ ወልዱ ሃይለ ብውርሲ ዝረኸቦ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ገዛ ባንዳ ዞባ 2 ንኡስ ምም/09 ዝርከብ ገዛ ኣመልኪቱ ዝሃበኒ ሰነድ ምሉእ ውክልና ስልጣን ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ ወይ ድማ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07131170 ክሕብረኒ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳዩ ከፈጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ የሴፍ ዓንደየወሃንስ ኣስፍሃ

---


## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅሮ ኣቦና ተኽልኣብ ደቦሳይ መሓሪ (ወዲ ዛግራይት) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ስዊዘርላንድ ኣብ ምልኣኽ ሬሳ ብፋይናንስን ብኣካልን ዝተሓጋገዝኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ዓዜን ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ኣኺርካ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ፡፡

ክብርቲ ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሸሻይ ዘርኣ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ ቤትን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ርሻን ጉብረዝጊ ተስፋሚካኤል ብዓልቲ ቤቶም ንፍስሄር ኣቦና መ/ጸ ቀሺ ግብጻዊ ጸጌ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ላቑን (ጉሕጨዓ) ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ኮነ ብቴሌፎን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ዘጸናዕኩምና መራሕቲ ሃይማኖትን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንገልጽ፡፡

ስድራቤት መ/ጸ ቀሺ ግብጻዊ ጸጌ

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ካብ ልቢ ነፍቅራን ንፈትዋን ኣዴና ወ/ሮ ኢትዮጵያ ሃብተዝጊ ጉብረመድህን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሓዙሓዝ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፣ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ደቃን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ለምለም ጉብረሚካኤል እምኑ፡ ክሳብ ጉዳም ደብሪ ኣቡነ ብጹዕ ኣምላኽ ጉደይቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ገዛና ብምምልላስ ይኹን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንሕብር፡፡

ደቃ ኣስገደት ኣስገዶምን ኣብርሃም የሴፍን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---


## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት

**Golden Integrated Algebra & Geometry**


ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ፡፡

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፡-

- ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
- ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
- ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም

ቴሌፎን፡- 07114840





---

厄特四川矿产建设有限公司
ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

# NOTICE

Eritrea Sichuan Mineral Construction Corp.Ltd. Announces replacement of its previous Executive Director Mr.Song Hulin and has now assigned Mr.Liu Xiaoping to be its new legally Authorized Executive Director.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ንግስቲ እስጢፋኖስ፣ ነ/ፍ ዛይድ እስጢፋኖስ ዝበበራሊዩ ወህቦቶ ይጽደቐለይ ስለዝበሉ፣ ወረ/ከ ዛይድ እስጢፋኖስ እንተ ደኣ ኣለኹም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ከ ጸገረዳ መንገሻ ደበሳይ ወ/ሮ ደሞት ደበሳይ ዑቕባዝጊ ወኪል ወጋሕታ ስምኦን ተሰፋጻዮን፣ ተኸሰስቲ ወረ/ከ/ጸገረዳ መንገሻ ደበሳይ ዘሎ ናይ ምቅሊት ወርሻ ክርክር ፤1.ኣዜብ ደበሳይ ዑቕባዝጊ 2.ወለሽ ደበሳይ ዑቕባዝጊ 3.ገርግሽ ደበሳይ ዑቕባዝጊ 4.ኤልያስ ደበሳይ ዑቕባዝጊ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ይጸውዑለይ ስለዝበሉ፣ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ.35 ቅረቡ።

ተጸዋዕቲ ወረ/ከ/ሄር ኣዜብ ገብረሂወት 1.ወይ/ብልየን ባህታ 2.ወይ/ሰላም ባህታ 3.ኣቶ በረኸት ባህታ፣ ከሳሲ ኣቶ ሙሴ ገብረሂወት ተሰፋሚካኤል ካብ ወለድና ብውርሲ ዝረኸብናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ግዝ ምቅሊት ክፍጸም ክውሰነለይ ስለዝበሉ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ጎይትኦም ተወልደ ወልዳይ፣ ተኸሰስቲ ወረ/ከ/ሪት ሂወት በራኺ ፍስሃዬ፣ 1.1ኣቶ ዳንኤል ክፍሎም ተወልደ 1.3 ወይ/ኣስማይት ክፍሎም ተወልደ 1.5 ኣቶ ሚካኤል ክፍሎም ተወልደ ወሰል መኾጣ መኪና ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክፍጸሙ ክውሰነለይ ስለዝበሉ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፣ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ምሕረትኣብ ፍስሓጽዮን ካሕሱ፣ ወለደይ ፍስሓጽዮን ካሕሱን ዑቕባማርያም ቀሺ ዞርያስን ስለዝዋረፉ፣ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ፍስሓጽዮን ካሕሱ፣ ኣሕዋተይ ወልደትንሳኤ ፍስሓጽዮን ካሕሱ ስለዝዋረፈ፣ ግደ ፍስሓጽዮን ካሕሱ ስለዝተሰወአ፣ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሎም ወለድናውን መውትቲ ስለዝኾኑ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ዳዊት ገብረማርያምን ወ/ሮ ግደይ ጺጋይን፣ ስም ጓልና ዘቢብ ዳዊት ምባል ተሪፉ፣ ፌቨን ዳዊት ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋገርግስ ጽንዕዝጊ ተወልዱ፣ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ከበደሽ ገብረሂወት ማና ስለዝዋረፈት፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዑቕባጋብር ወልዳይ ተወልደ ምባል ተሪፉ፣ ዑቕባይ ወልዳይ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሪ ተስፋይ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፣ ሰለሙን ተስፋይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳራ እምባዬ ነጋሽ፣ ብዓል ቤተይ ኣቶ ከሰተ ተስፋሚካኤል ንገሰ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፣ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምሕረት ብርሃ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፣ ራሄል ብርሃ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ምብራቕ ገብረእየሱስ፣ ተኸሳሲት ኤደን ኣርኣያ ገብረንጉስ፣ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ኣብሰራ ለገሰ፣ ተኸሳሲ ደባስ ተሾመ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ሙብርሂት ኣብርሃ ኣርኣያ፡ ኣቦይ ኣብርሃ ኣርኣያ ቦኽሪ ስለዝዋረፈ፣ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርሃና ተስፋጊርጊስ ደሞዝ፣ ስም ኣደይ ሚዛን ፍስሃ ገብሩ ምባል ተሪፉ፣ ኣብርሀት ተኽለ ገኹ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ኣብርሃ፣ ብዓል ቤተይ መዃሾ ንገሰ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ኣብርሃ ተስፋዝጊ፣ ብዓል ቤተይ ከሰተ ወልደገብርኤል ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፣ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሑሚድ ዓብደላ መሓመድ ራሕማን ምባል ተሪፉ፣ ሓሚደ ዓብደላ መሓመድ ራሕማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰልማን መሓመድ ናካ ምባል ተሪፉ፣ ሰለሙን ሓመድናካ ፍካክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድ ዕምር እድሪስ ምባል ተሪፉ፣ መሓመድ ዑመር እድሪስ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሱሌማን መሓመድ ፋይድ ድሪር ምባል ተሪፉ፣ ሰሌማን መሓመድ ድሪር ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።





ሬድ ሲ ቦትለርስ

ሼር ካምፓኒ(ኮካ-ኮላ)




ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ (ኮካ-ኮላ) ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ርሑስ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ይግበረልና ይብል።

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ (ኮካ - ኮላ)

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማጓየር፡ ዓላሚኦም ከቢድ ግዜ የሕልፍ ምህላዉ ገሊጹ

ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ሃሪ ማጓየር፡ ሓዲሽ ዓላሚኦም ሩበን ኣሞሪም ኩነታት ናይዛ ጋንታ ከቢድዎ ከምዘሎ ተዛሪቡ።

ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሜዳኣ ብቦርንማውዝ 3-ብ0 ዝተሳዕረት ዩናይትድ፡ ብቐደማይ ትማሊ ኣብ መዓልቲ ቦክሲን (ቦክሲን ደይ) ከኣ ናብ ዎልቨስ ተጓዒዛ 2-ብ0 ብምስዓራ፡ ደረጃኣ ናብ መበል 14 ወሪዱ ኣሎ።

ማጓየር፡ ድሕሪ'ዚ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኦም ዝተሰዓሩሉ ጸወታ፡ ከቢድ ግዜ የሕልፍ ኣሎ ንዝበሎ ዓላሚኦም ኣሞሪም፡ ኣብ ምሕደርኡ ካብ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒኦም ኤሪክ ተን ሃግ ከምዝፍለ ገሊጹ።

እዚ እንግሊዛዊ ተኸላኻሊ፡ "ብመንጽር ዝጠልብዎን ዝደልይዎን ነገራት ክልቲኦም ኣሰልጠንቲ ነንበይኖም እዮም። ከም ዝመስለኒ፡ ስለዚ እዩ ኣሞሪም ኣዝዩ ከቢድ ግዜ ዘሕልፍ ዘሎ። ኣብዚ ኣዋርሕ ዘይጸድናየን ግጥማት'ውን ከቢድቲ እየን ነይረን። እንተኾነ ሕጂ'ውን ከም መመኽነይታ ክንወስደን ኣይንደልየን ኢና። እዛ ክለብ ኣብዚ እዋን ዓወት እያ ትጠልብ ዘላ፣ ንሕና ግና ኣየምጻእናላን። ንዓናን ንደገፍትናን እኹልን ጸቢቑን ወጽኢት ኣይሃብናን።" ክብል፡ ናይ'ቲ ዝወርዶም ዘሎ ነቐፌታ ሓላፍነት ከምዝወስዱሉ ገሊጹ።

ኣብዚ ጸወታ'ውን ከምቲ ልሙድ ትሑት ብቕዓት ዘርኣየት እዛ ማንቸስተራዊት ጋንታ፡ ብፍላይ ብሳዕሲ ዝመጽኣ ከዓሳሱ (ቅላዕ መቕጸዕቲን ናጻ ቅላዕን ብሓፈሻ ሰት ፒስስ 'Set Pieces') ዓቢ ጸገም ኮይኑዋ ደርኪቡ።


ኣብቲ ጸወታ፡ ዎልቨስ፡ ተጻዋታያ ማቲያስ ኩንሃ ብመኣዝን ቅላዕ ናብ ልዳት ዘሻመዋ ከዕሶ ዘኾስ ከይተንከፉ ናብ ሸቶ ብምቕያራ እያ ከኣ፡ ብሳዕሲ ንዝመጻ ከዓሳሱ ኣብ ዝግበር ቅልስ ከቢድ ስራሕ ይጸብያ ከምዘሎ ዝገለጸ ዘሎ - ንዩናይትድ። ዝሓለፈ ሰንበት ብተመሳሳሊ ኣጋጣሚ ሸቶ ከምዝተቐጸራ'ውን ይዝከር። ብሓፈሻ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብሳዕሲ ብዝመጽኣ ከዓሳሱ 10 ሸቶታት ተመዝጊቡዋ ኣሎ። ማጓየር፡ ኣብዚ መዳይ ብመጋጥምቶም ኣብ ዕላማ ከምዝኣተዉ እዩ ዝዘረበ።


እዛ ኣታውን ወጻእን ብቕዓታ ከም ሕዳር ሕማም ዘሻቕያ ዘሎ ክለብ፡ ክመሓየሽ ዘይክእለ ጌጋታት ተጻወትታ'ውን ገለ ካብቲ ጉዳይ ዝጉብራ ዘሎ እዩ። ጸወታ 0-ብ0 እንከሎ ሓለቓኣ ብሩኖ ፈርናንደዝ ብቐይሕ ካርድ ምብራሩ ድማ፡ ኣብ ርእሲ ዘሎታ ተወሳኺታ እዩ ኮይኑዋ። ምኽንያቱ ብምሉኣት ተጻወትቲ እውን ክትዕወት ትጽገም ብምህላዋ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር ንተን ሃግ ተኪኡ መዝኦት ዝተቐበለ ኣሞሪም፡ ወላ'ኳ በዘን ዘካየደን ግጥማት ምሉእ ገምጋም ብምውሳድ ክትነቕፎ ፍትሓዊ እንተዘይኮነ፡ ዛጊት ግና፡ ካብ ታኼላ ክውጽኣ ዘኽእል ኣንፈት ኣይሃበን ዘሎ። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ዘተኣታተዎ ስልቲ ጸወታ ክሰምረሉ ኣይከኣለን። እዚ ዘይዕወትን መሪርን እዋን ዘሕልፍ ዘሎ ፖርቱጋላዊ መንእሰይ ዓላሚ፡ ኣብዛ ጋንታ ዘይተለምደ ስልቲ ጸወታ፡ ሰለስተ ተኸላኸልቲ እናሰለፈ 3-4-3፣ ገለ እዋን ድማ 3-2-4-1 እዩ ዝኽተል ዘሎ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ካብቲ ተሸሚሙሉ ዘሎ ታኼላ ክውጽኣ ትጸቢት ተነቢሩሉ ዝነበረ ሩበን ኣሞሪም፡ ኣብ ኩሉ ውድድር ካብ ዘካየዶም 10 ግጥማት፡ ኣብ ሓሙሽተ ክስዓር ተቐሲቡ ኣሎ። ካብ ቀዳሞት 10 ግጥማቱ ኣብ ሓሙሽተ ዝተሳዕረ ናይ ፈለማ ዓላሚ ዩናይትድ'ውን ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ'ቲ ኣብ ጥሪ 1932 ዋልተር ክራክመር ዝተባህለ ዓሰልጣኒ ዝሰኦ ሕማቕ ታሪኽ።

ብኣንጻሩ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንሌስተር ሲቲ 3-ብ0 ዝሰዓረታ ዎልቨስ፡ ኣብ ትሕቲ ሓዲሽ ዓላሚኣ ቪክቶር ፐሬራ፡ ኣብ ክልተ ናይ ሊግ ግጥማት ብደምር ሓሙሽተ ሸቶታት ብምቑጻር ተዓዊታ ኣላ። ንወዲ ሃገሩ ኣሞሪም ዝሰዓረ ፐሬራ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንጋሪ ኦኔል ተኪኡ መዝኦት ዎልቨስ ምቕባሉ ይዝከር።




**MAGUIRE'S AMORIM INSIGHT**

## ሳላሕን ሊቨርፑልን ኣብ ብሉጽ ብቕዓት

ሊድያ በረኸት

እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል ብሓሙስ ምስ ሌስተር ሲቲ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም 3-ብ1 ብምዕዋታ፡ ብሽውዓተ ነጥቢ ምስ ተረፍ ጸወታታት ኣብ ቅድሚት ትመርሕ። ኣብቲ ጸወታ ሊቨርፑል ካብ ጆንስ፡ ጋክፖን ሳላሕን ብዝረኸበቶም ሸቶታት ክትዕወት እንከላ፡ ሳላሕ ከኣ፡ መበል 16 ሸቶ ብምምዝጋብ ኣብ ፕረመር ሊግ ናይዚ ዓመት እዚ ንሊቨርፑል ኣድማቒዋ ኣሎ።

ንሳላሕ፡ ኣብ 2017 ናብ ሊቨርፑል ካብ ዝመጸእ ንደሓር ከኣ፡ መበል 250 ሸቶኡ ኣብ ኩሉ ውድድር ኮይና ተመዝጊቡሉ ኣሎ። በዚ መሰረት ሳላሕ፡ ኣብ ሓንቲ ክለብ ብብዝሒ ዘመዝገቦም ሸቶታት ንዋይን ሩኒ 276 ሸቶታት፡ ሪያን ጊግስ 271 ሸቶታት (ክልቲኦም ናይ ቅድም ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ)'ን ከምኡ'ውን ኣጥቃዓይ ቶተንሃም ዝነበረ ሃሪ ኬይን (256) ተኸቲሉ፡ ራብዓይ ተጻዋታይ ፕሪምር ሊግ ኮይኑውን በቒዑ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ መበል 100 ሸቶ ኣብ ሜዳ ጋንታኡ ዘመዝገበ እዩ። እዚ ማለት 98 ሸቶታት ንሊቨርፑል፡ እተን ክልተ ድማ ኣብ ቸልሲ እንከሎ ኣብ ሜዳ ስታምፎርድ ብሪጅ ዘቖጸረን እየን።

ሳላሕ ድሕሪ ዓወቶም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፣ "ፍሉይ ነገር ተሰሚዑኒ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ነገር ግና ናይ ጋንታና ዓወት'ዩ። ተሰፋ እገብር ከምዚ ኢልና ናይ ፕሪመር ሊግ ዕወታት ክንሕዝ'ና።" ኢሉ።

እዛ ክለብ፡ ካብ 17 ግጥማት ፕሪመር ሊግ 13 ተዓዊታ፡ ሓንቲ ተሳዒራ፡ ሰለስተ ማዕረ ብምፍልላያ፡ ብ42 ነጥቢ ንፕሪመር ሊግ ትመርሖ ኣላ፡ ሰንበት ከኣ፡ ናብ ዌስትሃም ተጓዒዛ ክትጻወት እያ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ዝነበረ ማይክል ኦወን ንኩነታት ሊቨርፑል ኣመልኪቱ "ርእሰ ምትእምማንም እዩ እቲ ዝዓበየ ነገር። ተመሪሖም ክንሶም ከም ዝዕወቱ እናፈለጡ'ዮም ተጻዊቶም። ቅድሚ ሓደሽ ዓመት ምምጻኡ ፈጢሮሞ ዘለዉ ናይ ነጥቢ ጋግ ምስክር እዩ።" ክብል መሪሕነቶም ዘተኣማምን ምዃኑ ገሊጹ።




## ባርሴሎና፡ ንኦልሞ ዳግማይ ከተፈርሞ ዘቕረበቶ ሕቶ ተነጺጉ

ባርሴሎና፡ ንተጻዋታይ ዳኒ ኦልሞ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ እዚ ወቕቲ ዳግማይ ከተፈርሞ ዝቐረበቶ ሕቶ፡ ብኻውንዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ባርሴሎና ተነጺጉ።

ኦልሞ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ብ55 ሚልዮን ዩሮ ካብ ኣርቢ ሌፕዚግ ናብ ባርሴሎና ከምዝተጸንበረ ይዝከር።

ባርሴሎና፡ ብሰንኪ ዘለዋ ፋይናንሳዊ ጸገማት ግና፡ ፋይናንሳዊ ሕግታት ላ'ሊጋ ሓደሽ ተጻዋታይ ከተፈርም ኣየፍቅደላን ነይሩ። ከም ግዝያዊ ፍታሕ እዩ ክሳብ ምምዛም 2024 ጥራይ ከተመዝግቦን ከተጻውቶን ተፈቒዱላ።

ካብ ቀዳሞት ተሰለፍታ ዝኾነ ተኸላኻሊኣ ኣንድሪያስ ክሪስቲያን ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ነዊሕ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ተኣልዩ ብምንባሩ እዩ፡ ኣብ ክንድኡ ከተመዝግቦ ተፈቒዱላ። እዚ ተኸላኻሊ ናብ ጸወታ ክምለስ ተቓሪቡ ብምህላዉ ግና፡ ህላውነት እዚ ሓደ ካብ ወሳኒ ተጻወትታ ክኸውን ጀሚሩ ዘሎ እሰኻኒ ኣኸፊኡሊ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ኣሎ።

በዚ ከኣ፡ ኦልሞ፡ ክጻወተሉ ዝተፈቕደ ግዜ ኩበቕዕ ተቓሪቡ ብምህላዉ፡ ኣብዚ ፍርቂ ዓመት-ስፖርት ዳግማይ ንባርሴሎና ዘይክጻወተላ ይኽእል እዩ፣ ክሳብ እዛ ጋንታ ቅልጡፍ ፍታሕ ዘጽምጸኣት። ላ'ሊጋ እውን ንውሳኔ እዚ ቤት ፍርዲ፡ ትማሊ ዓርቢ ከምዝተቐበሎ ይንገር።



እዛ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ብተደጋጋሚ ነጥቢ ብምጥፍኣ መሪሕነት ላ'ሊጋ ንኣትሌቲኮ ዘረከበት ክለብ፡ ነዚ ውሳኔ ዳግማይ ንምምላስ ዝመጽእ 30 ታሕሳስ (ቅድሚ'ታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ እዚ ዓመት'ዚ) ክሲ ከተእቱ ምዃና ይንገር።

እዛ ጋንታ፡ ወጻኢታታ ከተጉድል፡ ዝያዳ ኣታዊ ክትረክብን ፋይናንስያዊ ማሕንቖኣ ክትፈትሖን ዝጠልብ ዘሎ ፈደረሽን ከዕሶ እግሪ እስጳኛ፡ ኣብ ውሳኔኡ እንተጸንዐ ግና፡ ኦልሞ፡ ናጻ ተጻዋታይ ብምዃን ኣብዚ ወቕቲ ማልያኣ ክለብስ ኣይክእልን እዩ። ባርሳ፡ ኣብ ጉዳይ መንእሰይ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓያ ፓዩ ቪክቶር'ውን ተመሳሳሊ ጸገም ኣጋጢምዋ ምህላዉ ይንገር።

## ጁቬንቱስ፡ ንዳኒሎ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዳቶ

ኢጣልያዊት ክለብ ጁቬንቱስ ንሓለቓኣ ዳኒሎ፡ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኸፈት ማሰኮት ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ናብ ዕዳጋ ከምእተውርዶ ኣፍሊጣ።

ኣብ 2019 ካብ ማን ሲቲ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ዳኒሎ'ውን ኣብ መደብ ዓላሚኦም ቲያጎ ሞታ ዘሎ ኣይመስልን። ውዕሉ 30 ሰነ ዘብቅዕ ብምዃኑ ከኣ፡ ውዕሉ ምስ ወድአ ብናጻ ካብ እትስደ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ገለ ከሰብ ክትለቖ ሓሰብ ኣላ - ጁቬንቱስ።

ክወጽእ ተሓቢርዎ ዘሎ እዚ ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ፡ ደሮ ስሙ ምስ ገለ ክለባት ተኣሳሲሩ ይለዓል ኣሎ - ወላ'ኳ ክወጽእ ድሌት ከምዘይብሉ ኣቐዲሙ እንተሓበረ። ኣብ ሰሪኣ ሻሙናይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ኤሲ. ሚላን፡ ሓንቲ ካብዘን ነዚ ተጻዋታይ ዝደልያ ዘለዋ ክለባት ምዃና ይሕበር። ኣብ መቐዋሪ ክፍሊ ምከር ተጻዋታይ ክህልዎ ድሌት ኣሕዲሩ ዝርከብ ዓላሚ እዛ ጋንታ ፓውሎ ፎንሰካ፡ ነዚ ወዲ 33 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ራዳሩ ኣእትይዎ ኣሎ። ናፖሊ'ውን ኣገልግሎቱ ክምእተብሆግ ይግለጽ።

ዳኒሎ፡ ኣብ ማእከል ምክልኻል'ውን ብኽንፊ ክሰለፍ ስለዝኽእል፡ ንኣሰልጠንቲ ኣማራጺ ካብ ዝህቡ ተጻወትቲ እዩ።

ጁቬንቱስን ኤሲ ሚላንን ዝመጽእ ጥሪ 3 ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሱፐር ኮፓ ኢጣልያ ክጻወታ እየን።

### ነገረ ሮናልዶ

ኣጥቃዓይ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ "ሊግ ስዑዲ ዓረብ ካብ ሊግ 1 ፈረንሳ ይበልጽ። ኣብ ፈረንሳ ፒኤስጂ ጥራይ እያ ዘላ። እተን ዝተረፋ ወዳኣን እየን።" ክብል፡ ሕጂ'ውን ነቲ ዘሎ ቅርሕንቲ ኑዳዪ ዝወሰኸ ዘረባ ደርጒዑ።

ኣቐዲሙ ከምኡ ኢሉ ብምንባሩ ብፌደረሽን እቲ ሊግ መልሲ ዝተዋህቦ ሮናልዶ፡ ዓለሚ ይኹን ፕረዚደንት ክለብ ክኸውን ከምዝደሓስ ብምግላጽ፡ ወናኒ ክለብ ክኸውን ከምዝኽእል ግና ተዛሪቡ ነይሩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ (ኣብ ሜዳ ሃገራዊ ፌደረሽን)**

ሓይሊ ኣየር - ኩባንያ ህጹን ሰገን 1:30 ድ.ቀ
ሰምበል - ኢንሹራንስ 3:30 ድ.ቀ

ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

ዕዳጋ ሓሙስ - ገጀረት 1:30 ድ.ቀ
ጉዳይፍ ምስ ደንደን 3:30 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ካግሊያሪ - ኢንተር ሚላን 8:00 ድ.ቀ
ላዝዮ - ኣታላንታ 10:45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል (ስታድዩም ኣስመራ)**

ማይ ተመናይ - ጥሕ 11:30 ቅ.ቀ
ጉዳይፍ - ፓራዲዞ 1:30 ድ.ቀ
ኣስመራ በራ - ዘራእትን ጥሪትን 3:30 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ሌስተር ሲቲ - ማን ሲቲ 5:30 ድ.ቀ
ኤቨርተን - ኖቲንግሃም 6:00 ድ.ቀ
ክሪስታል ፓላስ - ሳውዝሃምፕተን 6:00 ድ.ቀ
ቶተንሃም - ዎልቨስ 6:00 ድ.ቀ
ፉልሃም - ቦርንማውዝ 6:00 ድ.ቀ
ዌስት ሃም - ሊቨርፑል 8:15 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ናፖሊ - ቬንዚያ 5:00 ድ.ቀ
ጁቬንቱስ - ፊዮረንቲና 8:00 ድ.ቀ
ኤሲ ሚላን - ሮማ 10:45 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሩስያ፡ ኣብ ጉዳይ ሓደጋ ነፋሪት ኣዘርበጃን ሓበሬታ ሂባ

ሰብ-ስልጣን ፈደረሽን ሩስያ፡ እታ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ካዛኪስታን ወዲቓ ዝተሓምሸሸት ነፋሪት መንገዲ-ኣየር ኣዘርበጃን ኣብ ሩስያ ክትዓልብ ዘይክኣለትሉ ምኽንያት ዝበርህ ሓበሬታ ሂቦም።

ሓላፊ ፈደራላዊ ትካል መጉዓዝያ ኣየር እታ ሃገር - ድሚትሪ ያድሮቭ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ናይ መጉዓዝያ ነፋሪት ኣብ ከተማ ግሮዝኒ - ርእሰ-ከተማ ቸቸንያ (ሩስያ) ክትዓልብ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን፡ ብትእዛዝ ሰቡ-መዚ እቲ መዓርፎ-ነፈርቲ ሃንደበት ክትምለስ ከም እተገብረ ገሊጹ።

እቲ ምኽንያት ድማ፡ እቲ መዓርፎ-ነፈርቲ ኣብቲ ህሞት’ቲ ካብ ዩክሬን ዝተበገሰ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ስለዝገጠሞ፡ ምስኡ ድማ ኣብቲ ከባቢ ጸዑቕ ግመ ዝዀበለሉ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ተኸሲቱ ስለዝነበረ ምኻኑ ሓቢሩ።



መንግስቲ ሩስያ ኣዚ ሓበሬታ’ዚ ዝሀብ ዘሎ፡ እታ ነፋሪት ብሚሳይል መከላኸሊ ኣየር ሩስያ ተወቒዓ ከም ዝወደቐት ዝመልከት ዜናታት ኣብ ዝፍንወሉ ዘሎ እዋን’ዩ።

ሮይተርስን ኤውሮኒውስን ዝርከቡዎም ሓያለ ማዕከናት ዜና ምዕራብ ኑቶም ነቲ ሓደጋ ዘጻርዩ ዘለዉ ክኢላታት ኣዘርበጃን ብምጥቃስ ኣብ ዘርግሕዎ ዜና፡ እታ ነፋሪት ካብ ኣሃዱታት ጸረ-ነፈርቲ ሩስያ ብጌጋ ብዝተተኰሰ ሚሳይል ተሃሪማ ከም ዝወደቐት ዝመልክት ጭብጢታት ተረኺቡ ከም ዘሎ ገሊጾም።

እዚ ይኹን’ምበር፡ ነቲ ሓደጋ ገና ተጻርዮ ዘሎ ኣዘርበጃን እቲ ጠንቂ እንታይ ምኻኑ ብወግዒ ኣይገለጸትን ዘላ።

እታ 67 ሰባት ኣሳፊራ ዝነበረት ነፋሪት፡ ኣብ ከተማ ኣክታው - ካዛኪስታን ክትዓልብ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን’ያ ወዲቓ ተሓምሺሻ።

ብውሕዱ 38 ካብ ተሳፈርታ ከም ዝሞቱ ድማ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ዘይምርግጋእ ቀይሕ-ባሕሪ፡ ንግብጺ ቢልዮናት ዶላር ኣኽሲሩዋ

ግብጺ፡ ብሰንኪ’ቲ ኣብ ደቡባዊ ማያት ቀይሕባሕሪ ተፈጢሩ ዘሎ ከቢድ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ካብ መትረብ ስዌዝ ኣብዚ ዓመት’ዚ ክትረኽቦ ዝግባእ ዝነበረ ኣስታት 7 ቢልዮን ዶላር ከም ዝሰኣነት ኣፍሊጣ።

ፕረዚደንት እታ ሃገር ዓብደል ፋታሕ ኣልሲሲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ግብጺ ኣብዚ ዓመት’ዚ ካብ ኣገልግሎት እቲ መትረብ ዝረኸቦ መጠን እቶት፡ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብልዕሊ 60 ሚእታዊት ከም ዝጐደለ ገሊጹ።

እቲ ምስ መጥቃዕቲታት ሑቲ ተኣሳሲሩ ኣብ ቀይሕባሕርን ገማግም-መንደብን ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ከምኡ ድማ ዞባዊ ብደሆታት ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ምንቍልቋል እቶት ምኻኑ ከኣ ወሲኹ ሓቢሩ።

የመናውያን ዕጡቓት ኣብ ማያት ደቡባዊ ቀይሕባሕርን ገማግም መደንብን ዝፍጽምዎ ዘለዉ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ ብመትረብ ስዌዝ ዝመላለሳ ዝነበራ ሓያለ ንግዳውያን መራኽብ መንገዲ ክቕይራ ተገዲደን ከም ዝለዋ’ዩ ዝግለጽ።

እቲ ኣብ 1869 ዝተኸፍተን 193 ኪሎ-ሜተር ንውሓት ዘለዎን ስትራተጂያዊ መትረብ፡ ዓመታዊ ክሳብ 22,500 ናይ ጽዕነት መራኽብ ዘሳግርን ኩሉ፡ ዓንዲ-ሕቖ ናይቲ 380 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ቁጠባ ግብጺ ከም ዝዀነ ይንገረሉ።




## ፑቲን፡ ንስሎቫኪያ ከም ሸምጋሊት ተቐቢሉዋ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ዩክሬን ዝቐጸለ ዘሎ ደማዊ ግጭት ኣብ መደምደምታ ብዝተ-ሰለም ንምዕራፉ፡ ንስሎቫኪያ ከም ሸምጋሊት ክቕበላ ድሉው ምኻኑ ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ዝሓበረ፡ ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ዝተኻየደ ዞባዊ ዋዕላ ሰዓቢ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ እዩ።

ስሎቫኪያ ንክልተኣን ሃገራት ክትሽምግል ድሉውነታ ኣረጋጊጻ ምህላዋ ዝጠቐሰ ፑቲን፡ ሃገሩ ነቲ ውሳኔ ሓንጎፋይ ኢላ ከም እትቕበሎ ኣረዲኡ።

ስሎቫኪያ ንግጭት ዩክሬን ደው ንምባል ናይ ሽምግልና ተበግሶ ክትወስድ ምኻና ዘፍለጠት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ’ታ ሃገር ሮበርት ፊኮ፡ ኣብዚ ሰሙን’ዚ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ዝተራኸበሉ እዋን’ዩ።

እታ ኤውሮጳዊት ሃገር፡ ብሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ንዝለኣኽ ዘሎ ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ሓገዝ ብምቅዋም፡ ጉዳይ ግጭት ዩክሬን ብዘተ ጥራሕ ከም ዝፍታሕ’ያ ካብ ፈለማኡ ክትምጎት ጸኒሓ።



ሩስያ ምስ ዩክሬን ኣብ እተካይዶ ዘተ-ሰላም፡ ብጉዳይ’ተን ካብ ዩክሬን ተፈሊየን ምስኣ ተጸንበረን ዘለዋ ዞባታት ዶኔስክ፡ ሉጋንስክ፡ ኬርሶን፡ ዛፖሮዢን ክሪሚያን ፈጺማ ከም ዘይትዋገ’ያ ደጋጊማ ትገልጽ።

ዩክሬን ብወገና፡ ነተን ኣብ 2022 ናብ ሩስያ ዝተጸንበራ ኣርባዕተ ዞባታታ ክምለሳ ዘኽእልን ምስ ኔቶ ናይ ምጽንባር ድሌታ ዝምልእን ዝኾነ ይኹን መኣዲ ዘተ ከም ዘይትሳተፍ ተፍልጥ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሩስያ ሰርሓት ኣመሪካ ዝኾነት ‘ኤፍ-16’ ዝዓይነታ ዘመናዊት ነፋሪት ወግእ ዩክሬን ወቒዓ ከም ዝወደቐት ሓቢራ።

እታ ነፋሪት ወግእ፡ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ንምፍጻም ኣብ እትበረሉ ዝነበረት ግዜ ብኣሃዱታት ጸረ-ነፈርቲ ሩስያ ተወቒዓ ኣብ ዞባ ዛፖሮዢያ ከም ዝወደቐት ድማ እታ ሃገር ወሲኻ ኣመልኪታ።

## ፓናማ፡ ብልኡላውነታ ከም ዘይትዋገ ኣፍሊጣ

ፕረዚደንት ፓናማ ጆስ ራዎል፡ ዋንነት መትረብ ፓናማ ናብ ጠረጴዛ ልዝብ ፈጺሙ ከም ዘይቀርብ ብምግላጽ፡ ነቲ ካብ ሕጹይ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝሰምዐ ዘሎ ምፍርራህ ብትሪ ነጺጉዎ።

ንሱ ነዚ ዝገለጸ ዶናልድ ትራምፕ ሎሚ-ቅነ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ነቲ ስትራተጂያዊ መትረብ ዳግማይ ንምቍጽጻር ስጕምቲ ክትወስድ ከም እትኽእል ድሕሪ ምግላጹ እዩ።



እንተኾነ፡ እቲ ዘይንጹል ኣካል ሃገራዊ ውርሻ ፓናማ ምኻኑ ዝጠቐሶ መትረብ - ብዙሕ ደም፡ ርሃጽን ንብረትን ፓናማውያን ከም ዝፈሰሶ ዝሓበረ ፕረዚደንት ጆስ ራዎል፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ናብ ዋጋ-ዕዳጋ ከም ዘይቀርብ ኣጺሩ።

ኣብ ቀረባ ይኹን ኣብ ርሑቕ ግዜ፡ ብጉዳይ’ቲ መትረብ ምስ ኣመሪካ ዝካየድ ዝርርብ ፈጺሙ ከም ዘይህሉ ድማ ኣስሚሩሉ።

ዝመጽእ 20 ጥሪ ብትረ-ስልጣን ኣመሪካ ንምጭባጥ ዝሸባሸብ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ፓናማ በቲ መትረብ ንዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ ኣመሪካ እተኽፍለን ዘላ መጠን ግዝኣት ዘይርትዓዊ ምኻኑ’ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ መትረብ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ቻይና ይወድቕ ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እታ ‘ጽላኢትና’ ዝበላ ቻይና ነቲ መትረብ ክትቆጻጸሮ ኣመሪካ ፈጺማ ከም ዘይተፍቅድ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ፓናማ ጆስ ራዎል ግን፡ ኣብቲ መትረብ ዝርኣ ናይ ቻይና ምትእትታው ከም ዘየለ ብምግላጽ፡ ንርእይቶ ትራምፕ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡሉ።

ፕረዚደንት መክሲኮ ክላውዲያ ሺይንባውም ድማ፡ “መትረብ ፓናማ ንፓናማ ጥራይ ስለዝምልከት፡ እታ ሃገር ልኡላውነታ ብኸለን ሃገራት ዓለም ክኽበር ይግባእ” ብምባል፡ ንመግለጺ ዶናልድ ትራምፕ መልሲ ሂባትሉ።

መዓልታዊ ክሳብ 38 ዝኣኽል ዓበይቲ ንግዳውያን መራኽብ ዝሓልፋሉ መትረብ ፓናማ፡ ኣብ ፈለማ 20 ክፍለዘመን ብኣመሪካ ከም እተኻዕተን ክሳብ መወዳእታ 1999 ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ኣመሪካ ከም ዝጸንሐን ጸብጻባት የመልክቱ።

## ህንዲ፡ ናይ 7 መዓልቲ ሃገራዊ ሓዘን ኣዊጃ

መንግስቲ ህንዲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር’ታ ሃገር ዝነበረ ማንሞሃን ሲንግ ድሕሪ ምዕራፉ፡ ናይ ሸውዓተ መዓልቲ ሃገራዊ ሓዘን ኣዊጁ።

እቲ መንግስቲ ብዘወሃቦ፡ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ክግበረሉ’ውን ኣዚዙ ኣሎ።



ካብ 2004 ክሳብ 2014 መራሒ መንግስቲ ህንዲ ኮይኑ ዘገልገለ ማንሞሃን ሲንግ፡ ሓሚሙ ኣብ ሆስፒታል ነውዲልሂ ክእለ ድሕሪ ምጽናሕ’ዩ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ማብል 92 ዓመት ዕድሚኡ ዓሪፉ።

ኣብ ፈለማ 1990ታት ኣብ ህንዲ ናጻ ቁጠባ (economic liberalization) ካብ ዘተኣታተዉ ሃንደስቲ ሓደ ምኻኑ ዝንገረሉ ማንሞሃን ሲንግ፡ ሕልፈቱ ኣብታ ሃገር ከቢድ ሓዘን ፈጢሩ ከም ዘሎ’ዩ ዝሕበር።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናረንድራ ሞዲ፡ “ሲንግ፡ ህንዲ ካብ ዝረኣየቶም ዝለዓሉ መራሕቲ’ዩ ነይሩ” ክብሎ እንከሎ፡ ጋዜጣ ‘ዙ-ታይምስ ኦፍ ኢንዲያ’ ድማ፡ “ንሕልሚታት ህንዲ ጋህዲ ዝገበረ ክቡር መራሒ” ክትብል ገሊጻቶ።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ካምብሪጅ (ብሪጣንያ) ብቑጠባ ስነ-ቁጠባ ዝተማህረን ኣብ ዩኒቨርስቲ ኦክስፎርድ ድማ ብመዓርግ ዶክትረይት ዝተመረቐን ማንሞሃን ሲንግ፡ ቅድሚ መራሒ መንግስቲ ምኻኑ ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ጽፍሒታት ብሓላፍነት ከም ዝሰርሐ ይንገረሉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | 28/12/2024 | ጎደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ዓሊቦኺት | 07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services